ሎምስ ንለብም

# ወጋሕታ-ብርሃን
# Wegahta-Birhan

Time to Get Wise

Feb2009 - Apr2010 ሓድነት ህዝብና፡ ዋሕስ ሓርነታዊ ዓወትና Issue # 2

ወጋሕታ-ብርሃን ልዑላውነታን ሓድነት ህዝባን ዝሐለወት፡ ሰላምን ፍትሕን ዝሰፍና፡ ቅዋማዊትን ደሞክራስያዊትን ብልጽግቲ ሃገረ-ኤርትራ ኣብ ምርግጋጽ እጃማ እተበርክት ብግሊ (ውልቀ-ሰብ) ኣብ ሰሰለስተ ወርሒ እትዳሎ ልሳን እያ። ንሓርነታዊ ባህጊ ህዝብና ክዉን ንምግባር ምልኪ ህግደፍን ምልኪ ኣብ ዝሃለወ ይሃሉ ኣብ ምልጋስ ከይተሓለላ ኣብ ቃልሲ ዝርከባ ደሞክራስያውያን ሰልፍታትን ሲቪካዊ ማሕበራትን ህዝባዊ ደገፍ ረኺበን ንኣደራዕ ህዝብና ብዝቐልጠፈ ንምልጋስ ዓቕማ ዘፍቅዶ ምትሕብባር ትገብር። ወጋሕታ-ብርሃን ሓድነት ህዝብና ከም መትከላዊ እምነትን ስትራተጅን ገይራ ስለእትርእዮ ንሓድነት ህዝብና ዝሃሲ ኣራኣእያን ተግባራትን ትቃለስ። ስለዝኾነ ኸኣ ነቲ ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ሒዝዎ ዘሎ ናይ ሓድነት ኣቓምን ስትራተጂን ትድግፍን ምስ ብኣረእእያ ዝሰማማዓ ውድባት ሓድነት ክገብራ ትድርኽን ተተባብዕን። ወጋሕታ-ብርሃን ምልኪ ንምልጋስን ኣብ ኣብዝሓ ሰልፍታት ዝተመስረተ ፍትሓውን ደሞክራስያውን ስርዓት ኣብ ምትካልን እቲ ዝተሓተ ክሳራን ዘተኣማምን ውሕስና ክኸውን ዝኽእልን ምስ ኩነታት ህዝብና ዝኸይድን በሰላታት ዘሕውን ነባሪ ሰላም ዘሰፍንን ሰላማውን ደሞክራስያውን ኣገባብ ቃልሲ ዝሓሸ ኣማራጺ ምዃኑ ብመትከል ትኣምን። እቲ ሰላማውን ደሞክራስያውን ቃልሲ ክዕወት ከኣ ኩሉ ደላይ ፍትሕን ሰላምን ንዕድመ ምልካዊ ስርዓት ዘሕጽር ኣብ ልዕሊ ምልካዊ ስርዓት ብውልቀ ደርጃ ይኹን ብእኩብ እገዳ ከዘውትርን ህዝቢ ብሓደ ጊዜ ብሓባርን ብሓድነትን ከም ማዕበል ንመሰሉ ክለዓል ህዝባዊ ጎስጓስ ተካይድ። ወጋሕታ-ብርሃን ዋርሳይ-ይከኣሎ ብዘይድሌቱ ኣብ ከርተት ዝርከብ ኣካል እቲ ውጹዕ ህዝቢ ኤርትራ ገይራ ስለ እትግምግም ኣካል ናይ ፍትሕን ለውጥን ኮይኑ ኣብ ክንዲ ንምልካዊ ስርዓት ንህዝባዊ ስርዓት ኣብ ጎኒ ህዝቡ ኮይኑ ንፍትሕን ለውጥን ክምክት ትዕድምን ትጽውዕን። ኣብ ልዕሊ ዋርሳይ ይከኣሎ ብሓይሊ ተቓውሞ ዝስንዘር ካብ ናይ ምክልኻል ሓሊፉ ኣብ ምጥቃዕ ዘድሃበ ብረታዊ ጎነጽ ንረብሓ ህዝብናን፡ ህዝብና ዝጸብዮ ለውጥን ከምዘየገልግል ስለእትኣምን ብንጹር ኣብ ህዝባዊ መድረኽ ተቓውሞኣን መርገጻን ብዘይንሓፍነት ተብርህ። ወጋሕታ-ብርሃን ልዑላውነት ሃገርን ሓድነት ህዝብን ከም ቀዳማይ መትከላዊ ዕላማ ገይራ ስለእትወስዶ መሰል ብሄር ክሳብ ምንጻል ዝብል መርገጽ ኣብ ሓድነት ሃገር ክስዕቦ ዝኽእል ሳዕቤን ብምግምጋም ንሓድነት ሃገር ዘዕቁብ ንመሰል ውልቀ-ሰብን ብሄራትን ኣብ ቅዋም ዘውሕስ መተካእታ ፍታሕ ተቕርብ። ከምእውን፡ ኣብ ፖለቲካዊ መዳይ ከይተሓጽረት ንቁጠባውን ማሕበራውን ሽግራት ኣብ ስደት ዝርከብ ኤርትራዊ ሕብረተ-ሰብ ኣብ ምቅላል ክሕግዝ ዝኽእል ሓሳባት እውን በብግዚኡ ዓቕማ ዘፍቅዶ ተእንግድ።

## ትሕዝቶ TABLE OF CONTENTS


| ትሕዝቶ | ገጽ |
|---|---|
| 1. ዮሃና ንምውላድ ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ (ሰ.ደ.ህ.ኤ) | 2 |
| 2. ቃልስና ጸረ ምልካዊ ስርዓት ጥራሕ ዘይኮነ ጸረ-ምልኪ ብሓፈሻኡ | 3 - 4 |
| 3. ሓደ ኣካል፡ ሰለስተ ተምሳል | 5 - 6 |
| 4. ናይ ተቓውሞ ተቓውሞ፡ ኣብ ደምበ ተቓውሞ “The Opposition of the Opposition” | 7-15 |




# ዮሃና ንምውላድ ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ

ሓደ ሰልፊ ኣብ ሓደ ዕላማ ናይ ራእይ ውህደት ዘሎዎም ሰባት ዝጥቀሙሉ ውደባ እዩ። ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ (ሰ.ደ.ህ.ኤ) ከም ውጽኢት ናይ ኣርባዕተ ውድባት ኣባላት ናይ ኣረኣእያ ውህደት ዝተወልደ ሓድሽ ሰልፊ መጠን ኣብ ምዕራፍ ቃልሲ ሓርነታዊ ቃልሲ ኣወንታዊ ግደን ተራን ከምዘሎዎ ኩሉ ደላይ ፍትሕን ሰላምን ዝኣምን ኤርትራዊ ኩሉ ከም ዝሕጎሰሉ ዕድመ ምልኪ ንምንዋሕ ድሌት ዘሎዎም ከኣ ብኣንጻሩ ክርእይዎ ባህርያዊ ይኸውን። እዚ ሓድነት እዚ ብእንካን ሃባን ብተጻዋርነትን ኣደራዕ ናይ ህዝብና ኣብ ጸብጻብ የእትዩ ንፍልልያት ብምጽባብ ዝተረኽበ ሓድነት እዩ። ብፍላይ ከኣ ነቲ ብስም ጀብሃን ሻዕብያን ዝብል ኣረጊት ናይ ታሪኽ ፈላላዪ ኣምር ሰቢርካ ኩሉ ዓቕምታት ውጹዕ ህዝብና ኣብ ሓድነት ኣወሃሂድካ ምልኪ ስርዓት ኤርትራ ብፍትሓዊ ህዝባዊ ስርዓት ንምትካእ ዝዓለመ ስምረታዊ (ሓድነታዊ ሓይሊ እዩ።

እዚ ሓድነታዊ መስርሕ ነዊሕ ግዜ ዝወሰደን ካብ ታሕቲ ክሳብ ላዕሊ ብናይ ኣረኣእያ ውህደት ዝተኸለሰን ስለዝኾነ ነባርን ማዕባልን ጸላውን ሓድነት ክኸውን ብዝሕ ተስፋ ተንቢሩሉ ዘሎ ሓድነት ይኸውን። እወ፡ ነቲ ዝነበረ ናይ እክብ ፍንጥሕ ንህዝብና ዘማሰነን ንከይሳተፍ እውን ተስፋ ዘቑረጸ ተሞክሮ ካብኡ ብምልቓቕ ንሓድሽ ወለዶ ዘሳትፍ፡ ትርግታ ህዝብና ዝሰምዕ፡ ሰልፊ ከም መሳርሒ ድኣምበር ከም ዕላማ ዘይርኢ፡ ምልኪ ብፍትሒ፡ ውልቃውነት ብህዝባውነት፡ ሕጊ-ኣልቦ ብሕጊ-ዓደቦ፡ ጉጅላውነት ብሃገራውነት፡ ናይ ኤርትራ ብዙሕነት ከም ጸጋን ሃብትን ርእዩ ከም ደቂ-ሓንቲ ሃገር ብዘይኣፈላላይ ብዕላማ ዝተጠናገገ መሰረት ዝዝውሮ ሰልፊ ስለዝኾነ ወጋሕታ-ብርሃን ንምውላድ ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ዮሃና ትብል። ወጋሕታ-ብርሃን ኣገዳስነት ስጡም ናይ ኣረኣእያ ሓድነት ኣብ ኣባላት ሰልፊ ከም ኣገዳሲ ቅድመ-ተደላይነት ኣብ ምስሳን ሰልፍን ሓርነታዊ ቃልስናን ገይራ ስለ እትግምግም ነፍሲ ወከፍ ኣባል ሰልፊ ንሓድነት ሰልፊ ብኣሉታ ንከይጸሉ ነብሱ ክፍትሽን፡ ብደገ ንተጻባእቲ ሓድነት ዝስንዘር ንሓድነት ሰልፊ ኣብ ምክልኻልን ህዝብና ነቲ ሓድነት ደጊፉ ምስ'ቲ ሰልፊ ንክሳተፍ ክጽዕት ይግባእ። ሓድነት መትከላዊ ዕላማን ስትራተጂን ኮይኑ ንዕድመ ምልኪ ስርዓት ዘሕጽር ስለዝኾነ፡ ኩሉ ደላይ ፍትሕን ለውጥን ኣብ ዝደለዮ ውድብ ይኹን ሰልፊ ተወዲቡ ኣደራዕ ህዝብና ከናግፍ መድረኻዊ ሕቶ እዩ።

ወጋሕታ-ብርሃን ንሓድነት ሰልፊ ደሞክራስን፡ ሰልፊ ህዝብን፡ ህዝባዊ ምንቅስቓስን፡ ምንቅስቓስ ጋሽ-ሰቲትን ከም ናይ መጀመሪ ሓድነት ድኣምበር ከም ናይ መወዳእታ ገይራ ስለዘይትርኢ መሪሕነት ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ካብ መሰርታት ዝተዋህቦ ናይ ሓድነት ምክያድ መንፈስ ተጠቒሙ ምስ ብራኢ ዝመሳሰላ (ዝሰማማዓ) ውድባት ይኹን ሰልፍታት ኣብ ናይ ሓድነት ብዝቐልጠፈ ንክኣቱ ለበዋኣ ተመሓላልፍ። እዚ ማለት ከኣ ምስ ኣብ ውሽጢ ኪዳን ዝርከባ ውድባት ይኹን ካብ ኪዳን ወጻኢ ካብ ውልቀ-ሰብ ኣትሒዝካ ክሳብ ውድብ ናይ ሓቢርካ ምስራሕ ዘተን ልዝብን ወትሩ ክካየድ ኣወንታዊ መትከላውን ወሳኒ ናይ ሓርነትዊ ቃልስና ዓወትን ምኳኑ ብምስትብሃል ከይተሐለልና ንሓድነት ክንሰርሕ ይግባእ። ወጋሕታ-ብርሃን ሓድነት ይኹን ውደባ ኣብ መትከላዊ ኣረኣእያ ዝተመርኮሰ ምስ ዝኸውን ህዝብና ብንጹር መንገዲ ኣበየናይ ሰልፊ ክሳተፍ ከምዝኽእል ክጽግሞ ኣይክእልን። ብኣንጻሩ፡ ውደባ ካብ ናይ ሓባራዊ ዕላማ ኣረእእያ ወጻኢ ብቀቢላዊ፡ ቦታዊ፡ ሃይማኖታዊ ምትእኽኻብ ዝግበር ውደባ ግን ንመስርሕ ደሞክራሲ ጥዕና ዘይህብ ንዕድመ ምልኪ ከኣ ዘናውሕ ስለዝኾነ፡ ህዝብና ነነፈሲ ወከፍ ውደባ (ውድብ፡ ሰልፊ፡ ምንቅስቓስ) ደቂቕ መጽናዕቲ ክገብር ይግበኦ። ንኣብነት ካብ ድሕር ቦታዊ ስምዒት ብምንቃል ንምልካዊ ስርዓት ኤርትራ ምድጋፍን ምቅዋምን ንመስርሕ ደሞክራስን ንሓድነታዊ ቃልስናን ብኣሉታዊ መልክዕ እዩ ዝጸልዎ። ዘሎ ምልካዊ ስርዓት፡ ሃይማኖት ዘይግድሶ፡ ዝኾነ ይኹን ወገን ዘይግድሶ፡ ንኹሉ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ብኣልማማ ዝመልኽን ጅሆ ሒዝዎ ስለዝርከብ፡ ብሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ካበየናይ ኣውራጃ፡ ካብየናይ ቀቢላ፡ ካበየናይ ሃይማኖት፡ ካብየናያ ጾታ፡ ብዘየገድስ ጸረ-ምልካዊ ስርዓት ልዑላውነታ ዝሓለወት፡ ሓድነት ህዝባን መሰል ዜጋታት እተኽብር ህዝባዊ ፍትሓዊ ስርዓት ንምትካል ኣብ ኣረእእያ ሓድነት ብምፍጣር ብሓድነትን ብውህደትን ክቃለስ ይግባእ።

ነዚ ናይ ኣረእእያ ሓድነት ብተግባር ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ተዓጢቓትሉ ዘላ ጉዳይ ስለዝኾነ ምስ ዕላማ ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝሰማማዕ ራእይ ዘሎዎ ህዝብና ኣካል እዚ ሓድነትዊ መስርሕ ስለዝኾንካ ክትጽንበሮ መድረኻዊ ጸዋዒት ናይ'ቲ ሰልፊ እዩ። ካብ ዕላማ ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈልየ ራእይ ዘሎኩም ውድባትን ህዝብናን ከኣ ኣብ ኣረእእያ ዝተመርኮሰ ሓድነት ምግባር ንደሞክራስን ንለውጥን ሓጋዚ ስለዝኾነ ብነፍሲ ወከፍ ደላይ ለውጥን ፍትሕን ክድገፍን ክጥለብን ዝደለ ኣምር እዩ። ህላወ ኣብዝሓ ሰልፍታት ንደሞክራስን ንሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ እውን እንተኾነ ጥዕና ዝህብ ስለዝኾነ ወጋሕታ ብርሃን ኣብ መንጎኣን በቲ ዘሳማምዐን ኣብ ትሕቲ ጽላል ኪዳን ኮይነን ንምልካዊ ስርዓት ኣብ ምልጋስን ደሞክራስያዊ ፍትሓዊ ስርዓት ኣብ ምትካልን ብምክብባር ክሰርሓ ትድግፍን ተተባብዕን።

# ቃልስና ጸረ ምልካዊ ስርዓት ጥራሕ ዘይኮነ ጸረ-ምልኪ ብሓፈሽኡ ክኸውን ይግባእ

ህዝቢ ኤርትራ ንነጻነት ሃገርን ሓርነት ህዝብን ንልዕሊ ፍርቂ ክፍለ-ዘመን ዝተቓለሰ ህዝቢ ኮይኑ ክቡር ዋጋ ብምኽፋል ሃገራዊ ነጻነት ወይ ከኣ ልዑላውነት ሃገር ከረጋግጽ በቒዑ። ኣብ ጊዜ ብረታዊ ቃልሲ ክልቲኣን ውድባት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ህዝባዊ ግንባርን ነጻነት ሃገርን ሓርነት ህዝብን ክልተ መሰረታውያን ዕላማታተን ከምምዃነን ንህዝብና ወትሩ ይንገሮ ነይሩ እዩ።

*1. ህዝባዊ ሓርነት ኣብ ነጻነት ወይ ልዑላውነት ዘይብላ ሃገር ክረጋገጽ ኣይከኣልን። ስለዝኾነ ከኣ ህዝቢ ኤርትራ ስለ ሃገራዊ ነጻነት ጸረ ባዕዲ ክቃልስ ፍትሓዊ ቃልሲ ኣካይዱ። ሃገራዊ ነጻነት ብዘይ ህዝባዊ ሓርነት ከኣ እቲ ሃገራዊ ነጻነት ትርጉም ኣልቦ ይኸውን። እዚ ብምስትብሃል ዝተኸፍለ ዋጋን መስዋእትን ጻማ ክረክብ ሕድሪ ሰማእታትና ኣኸቢርና ሰብ ሕድሪ ስለዝኾና ንሓርነታዊ ፍትሒ ክንቃለስ ሕልናና ይድርኸና።*

እኳ ድኣ ብሰንኪ ኣብ ሓርነታዊ ሸነኽ ዝነበረን ኣረኣእያ ገስጋስን ኣድሓርሓርን ዝብል ኣብ ነንሕድሕደን ይስንዘር ነበረ። ኮይኑ ግን በቲ ኣብ ውሽጢ ህዝባዊ ግንባር ዓብላሊ ግደ ዝጻወት ዝነበረ ብኢሳያስ ኣፈወርቂ ዝምራሕ ዝነበረ ጉጅለ ባህጊ ህዝብና ጨውዩ ህዝብና ሰብኣዊ መሰላቱ ተሓሪምዎ ኣብ ድቕድቕ ዝበለ ምልካዊ ኣደራዕን ጸልማትን ተሸኺሉ ይርከብ። እቲ ጥልመት እንተላይ ንባህግን ድሌትን ህዝባዊ ግንባር ዝተቓለሰሎም ዕላማታትን ንህዝባዊ ግንባር ኣብ ምዕዋት ዝለዓለ ግደ ዝተጻወተ ተጋዳላይን ሓፋሽ ውድባቱን ከይተረፈ እዩ ጠሊሙ።

*2. ውሑዳት መራሕቲ ህግደፍ ባህጊ ህዝብናን ባህጊ ተቓላሳይ ህዝባዊ ግንባር እውን ከይተረፈ ዝጠለሙ ምልካዊ ጉጅለ ስለዝኾኑ ሕልና ዘሎዎ ንህዝቢ ዝሓልን ደላይ ፍትሕን ኣብ ጎኒ ምልካዊ ጉጅለ ክኸውን ኣይግባእን እዩ። ስለዝኾነ ከኣ ተቓላሳይ ህዝባዊ ግንባርን ይኹን ህዝቢ ኤርትራ ንመሰረታዊ ዝተቓለሱሉ ሓርነት ህዝቢ ብሓባር ኮይኖም ክቃለሱሉ ታሪኻዊ ሓላፍነት ይህሉዎም። ስለ'ዚ እቲ ናይ ምልኪ ሓይሊ ውሑዳት ኣባላት ጉጅለ ህግደፍ ድኣ'ምበር ህዝባዊ ግንባር ከምዘይኮነ ክንስተብህልን ክነስተውዕልን ይግባኣና።*

ብፍላይ ከኣ ኢ.ደ-ወነናዊ ፕረሲደንት ኢሳያስ ንዝደለዮም ባህ ዘብሎ ዕላማታት ንምስልሳል ምልኪ ብዝለዓለ ጥርዙ ኣብ ኩሉ ህዝባውን መንግስታውን ጽፍሕታት ተቖጻጺርዎን ክጥቀመሉን ይርከብ። ካብ ውልቃዊ ርእይቶ ኣቶ ኢሳያስ ዝተፈልየን ተቓውሞ ዘተንበህን ኣካል ከኣ ዓስቡ ማእሰርትን መቕዘፍትን ምኳኑ ንኹሉ ኤርትራዊ ናይ ኣደባባይ ሚስጢር ኣይኮነን። ምልካውያን መራሕቲ ንዝገበርዎ ሕሉፍ ገበናት ንምሽፋንን ኣብ ቅድሚ ሕጊ ከይሕተቱን ከኣ እታ እንኮ ኣማራጺት ዝርእይዋ ከኣ ዕድሜኦም ኣብ ስልጣን ምጽናሕ ይኸውን። ነዚ ተግባራዊ ንምግባር ከኣ ነቲ መንግስታዊ ትካላት ከም መሳርሒ ምልኪ ብምጥቃም ንህዝቢ ብዝተፈላለየ ብምክፍፋል ሓድነቱ ከምዝልሕልሕ ብምግባር ነንሕድሕዱ ከምዝካሰስ ብምግባርን ንሓይልታት ተቓውሞ ከኣ ብክሕደትን ብጸረ ሃገርነትን ብምጽላምን የካይድዎ።

*3. ምክፍፋል ህዝቢ ቀንዲ መሳርሒ ህግደፍ ካብ ኮነ፡ ንፍትሒ ዝቃለስ ከኣ መሰራሒ ናቱ ህዝባዊ ሓድነት ክኸውን ይግባእ። ህዝባዊ ሓድነት ንምርግጋጽ ከኣ ንባዕላኻ ካብ ድሑር ናይ ኣውራጃዊ እንዳዊ ሃይማኖታዊ ጸጊዕን ድሑር ሕማምን ነጻ ኮንካ ብሓባራውን ሃገራውን መልክዕታት ብምርኣይ ንሃገራዊ ምክፍፋል ዘየተባብዕ ኣምር ብምስራሕ ብናይ ሓባር ህዝባዊ ቅልጽም ክንቃልስ የድልየና። እንተዘይኮይኑ፡ ከም ህግደፍ እቲ መሳርሒኡ ንጥቀም እንተኮይና ግን ካብ ህግደፍ እንሕሽሉ መንገዲ ፍጹም የለን።*

ከም'ዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ እምበኣር እቲ ንህዝቢ ኤርትራ ኣጓኒፍዎ ዘሎ ሽግር ምልካዊ ባህርይ ዝመበቆሉ ንሃገር ምልካውያን መራሕቲ ገብርትን ሓደግትን ስለዘሎዎ ይኾኑ። ካብ ኣንዊሕካ ካብ ዘይምርኣይን ካብ ስምዒት ብምንቃልን ግን እቲ ሽግር ምልካዊ ስርዓት ጥራሕ እዩ ኢልካ ብኡኡ ምሕጻርን ግን ነዚ ወለዶ እዝን ንመጻኢ ወለዶን ኣብ ሓደጋ ምስጣሕ ማለት ምኳኑ ኩሉ ደላይ ፍትሕን ሰላምን ክርድኦ ኣገዳሲ ይኸውን። እቲ መሰረታዊ ሽግርና ምልኪ ድኣምበር ህግደፍ ኣይኮነን። ንህግደፍ ዝወለደ ምልካዊ ባህርይ ድኣምበር ህግደፍ ንምልኪ ኣይወለደን። እዚ ማለት ከኣ ሽግር ህዝቢ ኤርትራ ምልካዊ ስርዓት ብምልጋስ ጥራሕ ዝውዳእ ኣይኮነን። ንምልኪ ኣብ ዝሃለወ ይሃሉ እንተዘይተቓሊስናዮ ከኣ ህግደፋዊ ምልኪ ኣልጊስካ ብካልእ ምልኪ ንክትካእ ዕድል ንህብ ኣሎና ማለት ይኸውን።

*4. እቲ ቃልስና ህግደፍ ንምልጋስ ጥራሕ ዘይኮነ ህግደፍ ብፍትሓውን ህዝባውን ደሞክራስያውን ስርዓት ንክትካእ ጥራሕ ክኸውን ኣሎዎ። ብስም ተቓውሞ ካብ ህግደፍ ዘይሓይሽ ዘይደሞክራስያዊ ጠባይ ሒዝካ ንህግደፍ ንምልጋስ ምህቃን ንህዝብና ንዳግማይ ጥልመት ምስጣሕ ስለዝኾነ ህዝብና ንመጻኢ ዕድሉ ባዕሉ ዋሕስ ክገብረሉ ይግባእ። ውሕስና ክገብር ከኣ ብግብሪ ፍትሓውን ደሞክራስያዊ ዝኾነ ሰልፊ ኣለልዩ ክውደብ ወይ ከኣ ንዑኡ ትብቅዕ ሰልፊ ወይ ውድብ የላን ዝብል እንተኾይኑ ኸኣ እሱ ዝቕልሶ ሓድሽ ሰልፊ ወይ ሰልፍታት ክሰርሕ ኣሎዎ ማለት ይኸውን። ድኽመታት ናይ ውድባት ብምጽብጻብ ከም መተካእታ ኣብ ጎኒ ህግደፍ ምጽጋዕ ግን ክትብልዓ ዝደለኻ ኣባ-ጉንባሕ ዛግራ ትብላ ከይመስል ንምቅላስ ዕባራ ምኽንያት ኣይንድለየሉ።*

እቲ ህዝባውነት ዘለዎ ዋሕስ ህዝቢ ክኸውን ዝበቅዕ ውድብ ይኹን ሰልፊ ደሞክራስያውያን ባእታታት ዝሓቖፈ፡ ደሞክራስያዊ ፕሮግራምን ግብራዊ ኣሰራርሓን ዘዘውትር ክኸውን ኣሎዎ። እቲ መዓቀኒ ግብራዊ ድኣ'ምበር ኣፋዊ ወይ ጽሑፋዊ ክኸውን የብሉን።

ደሞክራስያዊ ኣሰራርሓ ክህሉወካን ክትውንን ከኣ ደሞክራስያዊ ባህርይ ወይ ጠባይ ክዕድለካ ወይ ክህሉወካ ኣሎዎ። እዚ ማለት ከኣ ከም'ቲ መሰልካ ክኽበረልካ እትደልዮን እትጽበን ማዕርነታዊ መሰል ናይ ካባኻ ዝፍለዩ ኣካላት ብግብሪ ምኽባር ሓደ ካብ መዐቀንታት ናይ ደሞክራስያዊ ጠባያት ይኸውን። ብኣንጻሩ ከኣ ንግላውን ሰልፋውን ዕላማኻ ንምዕዋት ንካባኻ ዝፍለዩ ሰልፍታትን ውድባትን ውልቀሰባትን ካብ ሓሶት ዝነቕለ ኣብ ህዝቢ ጸለመታት ብምስንዛር ወፈራ ምክያድን ብታሕቲ ታሕቲ ምስራሕን መግለጺ ዘይደሞክራስያውነትን መንጸብረቕታ ምልካዊ ጠባያት ይኸውን።

ንካባኻ ዝፍለዩ ውድባትን ኣረኣእያታትን ንስለ ክትዕብልል ደሊኻ ኣብ ድሑር ሕማማት ማለት ወገን (ቀቢላ) ሃይማኖት ኣውራጃነት ከም መሳርሒ ውደባ ተጠቒምካ ክትዓኩኽ ምህቃን እውን ጸረ ደሞክራስያዊ ኣሰራርሓ ኮይኑ መዓቀኒ ናይ ስልጣን ህርፋን ይኸውን። ከይዱ ከይዱ መዕለቢኡ ምልኪ ምኳኑ ደላይ ፍትሒ ህዝብና ክስተብህለሉ ይግባእ።

ስለ'ዚ ቃልሲ ናይ ደላይ ፍትሕን ደሞክራስን ጸረ ህግደፍ ጥራሕ ዘይኮነ ጸረ-ምልኪ ኣብ ዝሃለወ ሃልዩ ክኸውን ኣሎዎ። ነዚ ክውን ንምግባር ከኣ ብቐዳምነት ንባዕልኻ ፍትሓዊ ወይ ደሞክራስያዊ ጠባያት ክትውንን ወይ ብግብሪ ክተዘውትር ይጠልበካ። ቃልስና ካብ'ዚ ወጻኢ ምስዝኸውን ግን ዘገደሰና ናይ ውልቃውን ጉጅላውን ጉዳይና ድኣ'ምበር ናይ ህዝቢ ረብሓ ንክትብሎ ኣጸጋሚ ይኸውን። ብቀዳምነት ንፍትሕን ደሞክራስን ዝቃለስ ባእታ ብቅደም ተኸተል በዚ ዝስዕብ ሓርነታዊ ቃልሱ ምስ እዘሰላስል ኣብ ህዝቢ ተኣማንነት ክሕድር ይኽእል። እዚ ኸኣ **ነብስኻ ፍትሓዊ >> ሰልፍኻ ፍትሓዊ >> ደምበ ተቓውሞ ፍትሓዊ >> ብሃገር ደረጃ ከኣ ፍትሓውን ደሞክራስያውን ባህሊ ክሰፍን ምግባር** የጠቓልል። ነዚ ዘይገብር ኣካል ናይ ደምበ ተቓውሞ ሽግር ናይ ሃገርን ህዝብን ድኣምበር ኣካል ፍታሕ ክኸውን ስለዘይክእል ፍትሕን ደሞክራስን ኣብ ናይ ጽባሕ ኤርትራ ንምርግጋጽ ህግደፋዊ ምልክን ኣብ ህዝብናን ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዝርከብ ምልካዊ ዘይደሞክራስያዊ ባህርያትን ባህልን ብዘይንሓፍነት ክንቃለሶ ይግበኣና።



# ሓደ ኣካል፡ ሰለስተ ተምሳል

ደቂ-ሰባት ካብ ካልኦት እንስሳት ዝፈልዮም ሓደ እቲ ናይ ምሕሳብን ኣብ ነንሕድሕዶም ዘካይድዎ ናይ ሓሳብ ምርድዳእን ዘሎውም ኣኽእሎን ዓቕምን ካብ ዝነብሩላ ዓለም (Nature) ለውጢ ኣብ ምምጻእን ክጠቓለል ይከኣል። ዓቕመ ኣዳም ዝኣኸለ ውልቀ-ሰብ ብሓደ ኣካል ክግለጽ ከሎ እንታይ ዓይነት ሰብ ምዃኑ ከኣ ብሰለስተ ተምሳል ክግለጽ ይከኣል። እዚ ማለት ግን ምስ መንፈስ ወይ ባህርይ ኣምላኽ ሰለስተ ስላሴ ማለት ኣይኮነን።

ደቂ ሰባት ኣብ ኣካላዊ ሸነኻትናን ህዋሳትናን ተመሰሳልነት እኳ እንተሃለወና ኣብ ኣተሓሳስባናን፡ እንጥቀመሎም ቃላትን ከምእውን እንገብሮ ተግባራትን ብዙሕነት ወይ ፍሉይነት ኣሎና። ስለዚ ሓደ ውልቀ-ሰብ ብዝሓስቦን ብዝዛረብን ዝገብሮን ክምዘን ይከኣል።




እቲ ውልቀ-ሰብ ዝሓስቦ ነገራት ውጽኢት ናይ ሂወቱ ሙሉእ ተሞክሮ ይኸውን። እዚ ማለት ከኣ ምስ ናይ ምሕሳብ ናይ ሓንጎሉ ዓቕምታትን ተሞክሮን ፍሉይ ኣተሓሳስባ ክውንን ባህርያዊ ይኸውን። እቲ ኣብ ውሽጢ እቲ ሰብ ዝውህለል ተሞክሮታት ገሊኡ ነቲ ሰብ ግሉጽ ክኸውን ከሎ ገሊኡ ከኣ ዘይፍለጥ ሕቡእ ክኸውን ይኽእል። እቲ ኣብ'ዚ ከም ሓሳብ ክበሃል ከሎ ግን ነቲ ውልቀ-ሰብ ኣብ ግሉጽ ዝኾነ ነገራት ዘተኮረ ይኸውን። ቃል ወይ ብደገ ዝንጸበራቑ ብጽሑፍ ይኹን ብኣፍ ክኸውን ከሎ እቲ ውልቀ-ሰብ ብናይ ገዛእ ርእሱ ኣተሓሳስባ ዝጉዓዝ እንተኾይኑ ቃል ንግዳም ዝውጽእ ገለ ክፋል ናይ'ቲ ውልቀ-ሰብ ኣተሓሳስባ እዩ። ግብሪ እቲ ተግባራዊ ሸነኽ እቲ ሰብ ዝገብሮ ይኸውን። በዚ መልክዕ ኣገላልጻ ሰብ ብሓደ ኣካል ብሰለስተ ተምሳል ክግለጽ ይኽእል። ንሓደ-ውልቀ ሰብ ይፈልጦ ኢየ ክትብል ነዞም ሰለስተ መግለጽታት ናይ'ቲ ውልቀ-ሰብ እኹል ኣፍልጦ ክህሉ የድሊ። ሰብ ካብ መለክዕታት ናይ'ቲ ዝመዝን ሰብ ብምንቃል ሰብ ከም እኽሊ ይምዘን እዩ። ሰባት ኣብ ምምዛን ወይ እቲ ዝመዝን ሰብ መለክዒ ሚዛኑ ግጉይ ክኸውን ይኽእል ወይ ከኣ ኣፍልጦ ናይ'ቲ ዝመዝን (ፍርዲ ዝህብ) ዘሎ ሰብ እኹል ዘይኮነ ክኸውን ይኽእል።



*1. ኣብ ልዕሊ ደቂ ሰባት እንገብሮ ሚዛን ወይ ፍርዲ ብናህና ቅኑዕ መለክዕን እኹል ኣፍልጦን ድኣ ክኸውን ኣሎዎ እምበር ብናይ ካልኦት መለክዒ (መርጼን) ተጠቒምካ ፍርዳዊ ሚዛን ምግባር ኣብ ጌጋ መደምደምታ የእትወካ። ንሰባት ኣብ ክንዲ ባዕልኻ ክትፈልጦም ምፍታን ብወረ ናይ ካልኦት ኣሚንካ ሚዛን ምውሰድ ናይ ዓይኒ መረጼን ካብ ካልኦት ምልቃሕ ምዃኑ ፈሊጥና ብሓንጎልናን ብናህና ኣፍልጦን ምስ ሰባት ጥዑይ ዝምድና ክፍጠር ይሕግዝ።*

እቲ ቀዳማይ ሕቶ ኣብ መንጎ እቲ ሰብ ዝሓስቦን ብቃል ይኹን ብጽሑፍ ንግዳም ዘውጽኦን ፍልልያቱ ክሳብ ክንደይ ይኸውን? ባህርይ ናይ ደቂ-ሰባት ስለዝፈላለ እቲ መጠን ጋግ ከኣ ብኡኡ መጠን ክፈላለ ይኽእል። ገሊኡ ኣብ ውሽጡ ብዙሕ ዝዓቁር ገሊኡ ኸኣ ውሑድ ክኸውን ይኽእል። ኩሉ ሰብ ኣብ ውሽጡ ዝሓስቦ ንደገ የውጽኦ ኢዩ ዝብል ዕግበታት ግን የብለየን። ገሊኡ ከም ትዕዝብቲ ኣብ ውሽጥኻ ሒዝካዮ ዝኽየድ ክህሉ ናይ ግድን ይኸውን። ሰብ ካብ እንስሳ ዘፍልዮ እውን እቲ ዝዛረቦም ነገራት ከከም ኩነታቱ እዩ ዝዛረበሎም። ንኣብነት ኣብ ናይ ሓዘን ቦታ እትዛረበሎም ነገራትን ኣብ መርዓ እትዛረበሎም ክፈላለዩ ናይ ግድን ይኸውን። ከምእውን ሓደ ውልቀ-ሰብ ኣብ መንጎ ብኣፋ ንክገብሮ ዝህቅኖን እቲ ዝገብሮን ክሳብ ክንደይ ፍልልይ ኣሎዎ? እቲ ሰብ ናይ ግብሪ ሰብ ድዩ? እቲ ዝያዳ ናይ ሰብ መምዘኒ እቲ ግብራዊ ሸነኻቱ ኢዩ ክኸውን ዝግባእ። ኣብ መንጎ ሓሳብን ቃልን (ኣፍ/ጽሑፍ) ዘሎ ዝምድናታት ብግሉጽነት ክግለጽ ይከኣል። ኣብ መንጎ ኣፍን (ቃል) ግብርን ዘሎ ዝምድናታት ከኣ ብግብራውነት ክምዘን ይከኣል።



ኣብ መስርሕ ሓርነታዊ ቃልሲ እንታይነት ናይ ዓይነት ሰባትን ውድባት ወይ ሰልፍታት ህዝብና ብመንጽር እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ እኹል ኣፍልጦ ክህሉዎ ይግባእ። ህዝቢ ኤርትራ ብሰንኪ ዘይእኹል መጽናዕቲ ኣብ'ዚ ነጥቢ'ዚ ውልቃውያን መለኸቲ ኣብ ገዛእ ሃገሩ ጅሆ ሒዞምዎ ይርከቡ። እዚ ማለት ከኣ ሰኣን እንታይ ዓይነት ሰባት በዓል ፕረሲደንት ኢሳያስ መጽናዕቲ ዘይምግባርን ዘይግሉጽነትን እንሆ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ሕሰምን መከራን ማእሰርትን መቕዘፍትን ስደትን ክላቐቕ ኣይከኣልን።

ሕጂ ብዝሓለፈ ጉድለታት ምቑዛም ዘይኮነ ንዝሓለፈ ከም ህዝቢ ካብ ዘካየድናዮ ጉድለታት ተማሂርና ንዝመጽእ ፍታሕ ምግባር ኣወንታዊ ይኸውን። ነፍሲ-ወከፍ ንፍትሓዊ ለውጢ ዝቃለስ ኤርትራዊ ብቀዳመነት ነብሱ ክሓትት ይግባእ።

- ብቀዳመነት ኣነ እንታይ ዓይነት ሰብ እየ?
- ኣነ ንባዕለይ ፍትሓዊ ድየ? ናይ ካልኦት ካባይ ዝፍለዩ ርእይቶ ዘሎዎም ማዕርነታዊ መሰሎም የኽብር ድየ?
- እቲ ኣብ ውሽጠይ ዝሓስቦ ጥዑይን ሃናጽን ኣወንታውን ሓሳብ ድዩ?
- ኣብ ዝሓስቦን ዝዛረቦን ዝገብሮን ክሳብ ክንደይ ፍልልይ ኣሎዎ?
- እቲ ብሸነኸይ ክግበር ኣሎዎ ኢለ ዝዛረቦን ዝጽሕፎን ዝኣምነሉን ብተግባር ይገብሮ ድየ? ብካልእ ኣበሃህላ ኣፍን ግብርን ይሰማማዕ ድዩ?

ኩሉ ብውሽጥኻ እትሓስቦ ክትብሎ ወይ ክትዛረበሉ ማለት ኣይኮነን። እቲ ንግዳም እትዘረበሎም ነገራት ከከም ኩነታቱ ብዕቅን ኣሉታውነቱን ኣወንታውነቱን መዚንካ ክትዛረበሎም ናይ ለባማት እዩ። እንተዘይኮይኑ ኩሉ እትሓስቦ ኣብ ቃልዕ ምስ እተውጽኦ ምስ ደቂ-ሰባት ንክትነብር እውን ኣጸጋሚ ክኸውን ይኽእል። ኮይኑ ግን ኣብ መስርሕ ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ መንጎ እትሓስቦን እትዛረቦን (እትጽሕፎን) ፍልልዩ ብጣዕሚ ውሑድ ክኸውን ይግባእ። እዚ ማለት ከኣ እንሓስቦን እንብሎን እንገብሮን ንምሳና ኣብ ቃልሲ ዝዋስኡን ንህዝብና ብሓበራ ግሉጽ ክኸውን ይግባእ። ዘይምትእምማን ውጽኢት ዘይግሉጽነት እዩ። ብካልእ ኣዘራርባ ኣብ መንጎ እንብሎን እንገብሮን ጋግ ወይ ፍልልይ ህዝብና ምስ ዝዕዘብ ኣብ ልዕሌኻ እምነት የጉድል። ብደረጃ ውድብ ወይ ሰልፊ ኣብ መንጎ ፖለቲካዊ ፕሮግራምካን ግብራዊ ስራሕካን ፍልልይ ምስ ዝህሉዎ ህዝቢ ኣብ ልዕሌኻ እምነት ከጉድል ናይ ግድን ይኸውን።

ኣብ ደምበ ተቓውሞ ብሓፈሻ፡ ኣብ ፍሉይ ውድብ ከኣ ብፍላይ፡ ህዝብና እምነት ከሕድርን ኣብ ቃልሲ ክሳተፍን እቲ ሓቀኛ ራእይካ እትሓስቦን፡ እቲ ብፖለቲካዊ ፕሮግራምካ ይኹን ብካልእ ኣገባብ ንህዝብኻ እትምድሮን፡ እቲ ብግብሪ እትሰርሖን ብሩህን ግሉጽን ኮይኑ ነንሕድሕዱ ዘይገራጮን (consistency) ዝሰማማዕን ክኸውን ኣሎዎ። ንህዝቢ ኣብ ጎኒ ቃልሲ ተሳተፍ ምባል ጥራሕ ዘይኮነ ንክሳተፍ ከተማልኦም ዝግባእ ነገራት ከተማልእ ክትበቅዕ ኣሎካ። ትርግታን ድሌትን ህዝብኻ ከይፈለጥካ ድሌት ህዝቢ ከተማልእ ኮቶ ኣይትኽእልን ኢኻ። እቲ እንብሎን እንገብሮን ክሰማማዕ ከኣ ነፍሲ-ወከፍ ንሰላምን ንፍትሕን ዝቃለስ ባእታ ብኣፍ ዘይኮነ ንዝተዋህበካ መደብ ወይ ናይ ቃልሲ እጃም ብተሓታትነት (accountability) ናይ ግብሪ ሰባት ክንከውን ይግባእ። እዚ ምስ እንገብር እዩ ብዝያዳ ህዝብና እምነት የሕዲሩ ባዕሉ ነቲ ቃልሲ ዋንኡ ኮይኑ ክመርሖ ዝኽእል።

ንእግረ-መንገደይ ብፍላይ ኣባላት ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብኣረኣእያ (ውሽጣዊ ኣተሓሳስባ) ይኹን ብእንብሎን ብእንጽሕፎን ብግብሪ ብእንሰርሖን ጸዓትና ኩሉ ደሞክራስያዊ ባህሊ ኣብ ምምዕባልን፡ ንዘይፍትሓዊ ዝኾኑ ጸረ-ደሞክራስያዊ ባህርያትን ኣሰራርሓትን ካብ ነብስና ኣትሒዝና ክንቃለሶም ይግባእ። ናይ ዕላማ ግሉጽነት፡ ናይ ራኢኻ ንጹርነት፡ ናይ ኣሰራርሓኻ ዕቱብነትን ግብራውነትን፡ ናይ ደሞክራስያዊ ባህልኻ ዕምቆት፡ ኣገደስቲ ነገራት ንዓወት ከምምዃነን ብምስትብሃል ነፍሲ-ወከፍ ኣባል ብዕምቆት ከስተብህለሉ ወጋሕታ-ብርሃን ትማሕጸን። ብተወሳኺ ንዕላማኻ ዝጥምዘዙን ዘጸሉሙን ብወገን ህግደፍ ይኹን ካብ ደምበ-ተቓዎሞ ንስለ እቲ ፍትሓዊ ቃልስኻን ቃልሲ ህዝብን ክዕወት ብዘይንሓፍነት ብምዑቡል ኣገባብ ክትምክቶምን ናይ ሰልፍኻ ህዝባዊ ዕላማ ካብ ሓቂ ተበጊስካ ክትከላኸልን ሓላፍነታዊ እዩ። ከምእውን፡ ኣባላት ደምበ-ተቓውሞ ብሓፈሻ እቲ ዘቃልሰና ዘሎ ምልኪ ብፍትሒ ንምትካእ እንተኾይኑ፡ ኣብ ኣረኣእያ ክህሉወና ዝኽእል ፍልልይ ብምክብባርን ብእርኑብ ቃላት ፍልልያትና ኣብ ህዝቢ ክንገልጽን ከነብርህን ይግበኣና። ብኣንጻሩ ንግላዊ ውድብካ ከተዕቢ ኢልካ ንካባኻ ዝፍለ ውድብ ብዘይከውን ጸለመታት ብምቕባእ ንክትዓብን ምፍታን መዓቀኒ ዘይፍትሓውነት ምዃኑ ፈሊጥና ካብ'ዚ ሳዕሪሩ ዘሎ ኣሰራርሓ ነጻ ክንከውን እውን የድሊ። ኣብ ጸለመን ሓሶትን ዝምርኮስን ናይ ድሑር ሕማማት ተጠቒሙ ህዝባዊ ደገፍ ዝጽበ ከይዱ ከይዱ ጽባሕ ፍትሒ ከምጽእ ኢልካ ዘይሕሰብ ስለዝኾነ ህዝብና ዳግማይ ከይጥለም ከስተብህል ይግባእ።

## ናይ ተቓውሞ ተቓውሞ፡ ኣብ ደምበ ተቓውሞ "The Opposition of the Opposition"

እዚ ኣርእስቲ መሪጸ ክጽሕፍ ዝገደደኒ ምኽንያት ንምልካዊ ስርዓት ዕድመ ዝህብ፡ ንህዝብና ኣብ ደምበ ተቓውሞ ንክይጽንበር ዘተባብዕ፡ ንመንእሰያትና ኣብ ጎኒ ደምበ ተቓውሞ ኮይኖም መሪሕ ግዴኦም ከይበርክቱን ከይዋስኡን፡ ህዝብና ብሓባር ኮይኑ ሓድነቱ ኣደልዲሉ ንዘሎዎ ምልካዊ ኣደራዕ ከየናግፍ ዝዕንቅጹ ጸረ-ሓድነትነታዊ ዓንቀፍቲ ተግባራትን ባህርያትን ብስም ተቓውሞን፡ ተቓውሞ ኢና በሃልቲ ኣብ ውሽጢ ደምበ ተቓውሞ ዝካየድ እቲ ደላይ ፍትሕን ለውጥን ህዝብና ከስተብህለሉን ንኪቃለሶን ተባሂሉ ይኸውን። እዚ ኸኣ "ሓባእ ቁስሉ ሓባእ ፈውሱ" ከምዝብሃል እቲ ዕላማ ናይ'ዚ ጽሑፍ ከም'ቶም ዘጸልሙ ንምጽላምን ንምክፋእን ዘይኮነ፡ ኣብ ሓቅነት ዝተመርኮሰ ንዝተባህለን ዝተገብረን ህዝቢ ዓገብ ኢሉ እዞም ኣብ ናይ ህዝቢ ምብትታንን ሓይሊ ተቓውሞ ንክይሕይል ዕንቅፋት ዝኾኑ ኣለልዩ ኣብ እቲ ይሕሽኒ ዝብሎ ውድብ ወይ ሰልፊ ተሳቲፉ ምልኪ ብምላጋስ ፍትሕን ራህዋን ኣብ ሃገርናን ህዝብናን ንምምጻእ ዓጢቑ መታን ንኪቃለስ ዝዓለመ ይኸውን። ብተወሳኺ እቶም ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ ኣብ ምፍልላይ ህዝብን ምድኻም ሓይሊ ተቓውሞን ከም ስራሕና ኢሎም ተዓጢቖም ዘሎው ብገዛእ ደሌቶም ይኹን ህዝቢ ዓገብ ኢሉዎም ናብ ንቡርን ህዝባውን ፍትሓውን ቃልሲ ክምለሱ እውን ስለ ዝምረጽ ይኸውን።

ብቐዳምነት ብወገነይ ዘሎኒ ዝምድና ምስ ውድብ ይኹን ሰልፊ ብንጹርን ብክፉትን መንገዲ ንኣንባቢ ብሩህ ክኸውን ይግባእ። ኣባል ናይ ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ክኸውን ከሎኹ፡ ዕላማታት ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ካልኦት ውድባት ይኹን ሰልፍታት ምልኪ ኣብ ምልጋስ ይኹን ፍትሒ ኣብ ምንጋስ መድሕን ናይ ህዝብና ክኸውን ይኽእል ካብ ዝብል ዘየወላውል ውልቃዊ ዕግበት ይነቅል። እቲ ዕላማ ህዝቢ ኣሳቲፉ ብከመይ ከምዘዐውቶ ኸኣ ነፍሲ-ወከፍ ኣባል ናይ'ቲ ሰልፊ ኣፍልጦ ክህሉዎ እዩ እቲ ትጽቢት ዝግበረሉ። እቲ ዕላማ ህዝባዊ ዕላማ ወይ ንህዝብና ዘርብሕ ዕላማ ኢልካ እንተኣሚንካሉ ኣብ ህዝቢ ነቲ ዕላማ ንክትሸጦን ርእይቶኻ ክትጸሉን ከኣ ናይ ኩሉ ኣባል ሓላፍነትን ግቡእን ይኸውን። ህዝብና ብገዛእ ርእሱ እቲ ራኢ ናይ'ቲ ሰልፊ ዘርብሖ ምዃኑ እንተፈሊጡ ነቲ ሰልፊ ናቱ ሰልፊ ገይሩ ባዕሉ ክመርሖን ክቕልሶን ይኽእል ማለት'ዩ። ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ መስርሕ ደሞክራስያዊ ቃልሲ ኣነ ከም ውልቀ-ሰብ ዕግበት ዘንበርኩሉ ዕላማ ብካልኦት ካብ ሓሶት ብምንቃል ዝካየድ ዘይመልክዑን ካብ ሓሶት ዝነቐለ ኣብ ልዕሊኡ ወፍሪ ጸለመ ክካየድ ከሎ ኢድካ ኣጣሚርካ ብትዕግስቲ ንነዊሕ ጊዜ ክሽየድ ዘይሕሰብን ዘይሓላፍነታውን ኢለ ይኣምን። ስለዝኾነ ኸኣ ካብ ሓቅን መርትዖን ብምብጋስ ነቶም ብሓሰትን ጸለመን ንህዝባዊ ዕላማታት ከዳኽሙን ከናሽውን ኣብ ነንሕድሕዱ ህዝቢ ኣናኺሶም እሾኽ ዝዘርኡ ኣብ ክንዲ ኣብ ትሕቲ መጋርጃ ኣብ ህዝባዊ መጋባእያ ዘሎዎም ጸገም ኣብ ልዕሊ ዕላማታት ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ብንጹር ክገልጹ ምስተገብኣ ይብል። እዚ ኸኣ እቲ ጸገሞም ኣብ ዕላማን ራእን ዝተመስረተ እንተኾይኑ ህዝቢ ምረኣዮን ብራኢ መሰረት ዝድግፎም ህዝቢ እውን ኣይመሰኣኑን ይብል። እንተዘይኮይኑ ዘሎዎም ካልእ ጸገማቶምን ዘይተውድኣ ቅርሒንቶምን ከብርሁን ሕማማቶም ክፍውሱን ጥራሕ ኢየ ካላቦ ዝኽእል። ናይ ቀደም ኣባላት ሰልፊ ህዝቢ ምስ'ቲ ኩሉ ዝወርድ ዝነበረ ብየማን ይኹን ብጸጋም፡ ብናይ ብርዒ ስም ድዩ ብግሉጽ ኣብ ልዕሊኡ ዝስንዘር ዝነበረ ንዳርጋ ክለተ ዓመት ዝኣክል ግዜ ብትዕግስትን ብምጽማምን ኢዩ ሓሊፍዎ። ብወገነይ ዘይሓፍረሉ፣ ህዝቢ ዝፈልጦ፣ ንህዝቢ ዘርብሕ፣ ንምልኪ ኣልጊሱ ግዝኣተ-ሕጊ ዘንግስ ዕላማ ኣሎኒ ኢለ ስለዝኣምን ንተጻባእቲ ናይቲ ሰልፊ ይኹን ዝኣምነሉ ዕላማ ዘካይድዎ ጠቓነ ካብ ሓቅነት ዝርሓቐ ምዃኑ ክሕብርን፣ ዝኣምነሉ ዕላማ ክከላኸልን፣ ህዝቢ እቲ ጸገም ፈሊጡ ፍታሕ ክገብርን ሓላፍነታዊ ኮይኑ ይስመዓኒ።

ብርእይቶ ይኹን ብፖለቲካዊ ፕሮግራም ምፍልላይ ባህርያውን ጸጋን ኮይኑ ምዕባሌ ኸኣ የኽትል። ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ብህዝቢ ክሕተት ኣብ ራኢኡ ክምከት (challenge) ኣገዳስን ተደላይን ጉዳይ እዩ። መስትያትካ ህዝቢ ስለዝኾነ ንህዝቢ ትጠቅም ምዃንካ ክትፍተን ኣድላይነት ኣሎዎን ክተባባዕ ዘሎዎ ጉዳይ ይኸውን። ከምኡ ኸኣ ካልኦት ውድባትን ሰልፍታትን ብተመሳሳሊ መልክዕ ህዝባዊ ዕላማ እንተሃልዩወን ክሕተታን ከይተሓተታ እውን ንህዝቢ ዕላምኣንን ከብርሃን ክገልጻን ግቡእ ይኸውን። ውድባት ኣብ ነንሕድሕደን ብዛዕባ ሓባራዊ ዕላማን ፍልልያተንን ኣብ ህዝቢ ንጹር ክገብራን ኣብ ነንሕድሕደን እውን ክተሓተታ ኣድላዪ ደሞክራስያዊ መስርሕ እዩ። ብፍላይ ኣብ ትሕቲ ጽላል ኪዳን ኣባልነት ዘሎወን ውድባት ብሓደ ሸነኽ ኣብ ውሱን ዕላማታት ናይ ሓባር ልፍንታዊ ምሕዘነት ኣሎወን ብሓደ ወገን ከኣ ኣብ ግላዊ/ውልቃዊ ውድባዊ ናይ ራእይ ፍልልይ ከኣ መወዳድርቲ (Competitors) እየን። እቲ ናይ ራእይ ምውድዳር ጥዕና ክህሉዎ ከኣ ካብ ሓቅነት ዝተመርኮሰ ራእይካን ፍልልይካን ምስ ካልኦት ውድባት ብምክብባርን ብምዕቡል ስነ-ስርዓት ኣብ ህዝባዊ መድረኻት ምግላጽ ተደላይን ዝበሃግን እዩ። ካብ'ዚ መንፈስ እዚ ወጻኢ ግን፣ ንካባኻ ዝፍለ ራእይ ዘሎወን ውድባት ጸለመን፡ ዘይኮነ ዕላማታት

ብምክፋእ ዝካየድ ጎስጓስን ተግባራት ንደሞክራስያዊ መስርሕን ደሞክራስያዊ ባህልን ጥዕና ዘይህብ ዘይደሞክራስያዊ ተግባራት ይኸውን። በዚ ኣገባብ ከዓቢ ዝደሊ ኹኣ ናይ ህዝቢ ሓላይን መድሕንን ከኸውን ፍጹም ከኸውን ኣይክእልን።

እዚ ሕጂ ዘተኩረሉ ጉጅለ ብስም ንነብሱ ከም ምትእኽኻብ ናይ ዝተፈላለዩ ውልቀ-ሰባትን፣ ኣባላት ውድባትን: ሰቪካውያን ማሕበራትን ብስም ***Eritrean Room For a Strong & United Opposition*** ዝጽዋዕ ገዛ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዘካይዶ ኣሉታዊ ተራ ንምብራህ ይኸውን።

Administrators
@hagerawi_1
@Awate_rb2
@Daniel_Tewelde




***Source:***
***http://www.togoruba.org/togoruba1964/mainTogorubamap/mainMap/headingMap/tigrigna/2009/articlesDec-2009/2812PP9-06AT.pdf***

*ካብ ኤርትራውያን፡ ኣባላት ናይ ዝተፈላለያ ውድባት/ሰልፍታት፣ በርገሳዊ ማሕበራት፣ ብውልቀ ተቓወምቲ፣ ኣብ መራኸቢ ብዙሓን፡ ፓልቶክ (Paltalk)፡ ብዛዕባ ኩነታት ህዝብናን ሃገርናን፣ ከምኡ'ውን ብአገባብ ኢቃላልሳናን ኢቓውማናን፡ እንማየየጥን እንዝተን ደቂ ሃገር፡፡ erfsauo@yahoo.com*

እዚ ገዛ ሽሙ ከምዝሕብሮ እንተኾይኑ ዕላምኡ ንሓያልን ሓድነታውን ተቓውሞ ዝዓለመ ከምምኧኑ እዩ ዝእምት። እቲ ተግባሩ ከም'ቲ ሽሙ ዝሕብሮ እንተዝኸውን ኣነ ይኹን ኩሉ ደላይ ፍትሕን ለውጥን ምደገፎ ነይሩ። ከም'ቲ ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ እቶም ዘማሓድርዎ ነቲ ገዛ ከምዝሕብርዎ ኹኣ ኣተኩሮኡን ዝካትዓሎም ኣርእስትታት ንደምበ ተቓውሞ ብፍላይ ከኣ ኪዳን ንምሕያልን ዝብል ኣምራት ኢኻ ትሰምዕ። እዚ ገዛ'ዚ ኣብ ውሽጢ ደምበ ተቓውሞ ንምሕያል ተባሂሉ ስለዝኾነ ዕላምኡ ኹኣ ደገፍቲ ናይ ስርዓት ኤርትራ ኣብ'ቲ ገዛ ዝሳተፍሉ ክትዕ የለን ጥራሕ ዘይኮነ ኣይፍቀድን እዩ እውን። እዚ ዝጠቐሶ ዘሎኹ ምኽንያት ብንጹር እውን ብሓው ባዚት (bazit) ተባሂሉ ዝጽዋዕ ብንጹር ከም ዝተገልጸ ዕላማ ናይ'ዚ ገዛን ምስ እቲ ብEx-Fbi (Eritrea Democracy For All Room) ዝፍለጥ ዝመሓደር ገዛን ናይ መደብን ዕላማን ፍልልይ ከምዘሎዎ ብግልጺ ኣብ ፈለማ ናይ ወርሒ ጥሪ ከምዘብርህ ይዝከር። ከም ኣገላልጻ ሓውና ባዚት፡ Room Eritrean Democracy for All ዕላምኡ ነቲ ኣብ ሓይሊ ተቓውሞ ዘይሳተፍ ምስ ምልካዊ ስርዓት ዝደናገጽን ዝድግፍን ሕ/ሰብና ኣብ ጎኒ ተቓውሞ ንምምጻእ ንክጸሉ ዝዓለመ ገዛ ከምምኧኑ እዩ ሓቢሩ። ቀጺሉ ይብል ንሕና ከንምስርቶ ከሎና እዚ ገዛ ግን ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዝርከብ ጉድለታት ኣሪምካ ብሓባር ኣንጻር ምልኪ እንቃለሰሉ ባይታ ንምፍጣር እዩ እዚ ገዛ ከፊትናዮ ይብል። ካብ'ዚ ክንርድኦ እንኽእል ክልተ ነገራት ኣሎ።

- ሓደ ምስ'ቲ ብEx-FBI ዝመሓደር (ናይ EPP ገዛ እንዳበሉ ዘይኮነ ዋንነት ዝህብዎ) ገዛን ምስ'ቲ ናህና ገዛ ዝበልዎ ናይ ዕላማ ፍልልይ ከምዘሎዎ ተነጺሩ
- ብካልኣይ ደረጃ እዚ Eritrean Room For a Strong & United Opposition ዋናታቱ ብዙሓት ኮይኖም ብዕላማ ተሰማሚዖም ዝመስረትዎ ምኳኑ ከበርህ ከኢሉ። እዚ ብዝያዳ ሓቅነቱ ዘረጋግጽ እውን ኣብ ናይ 1/28/09 መደባቶም ብኪዳን ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ንክንሳተፍ ወከልቶኹም ስደዱ ኢሎምና ኣሎው ኢሎም እሞ ስለዚ መን ከም እንውክል ናብ ገዛ ከነውርዶ ተባሂሉ ነዊሕ እቲ ኣርእስቲ ተኻቲያምሉ። ንሓንቲ ብስም Rahwa እትጽዋዕ ሓብትና ኣብ ንኣሽቱ ነጥብታት ብርእይቶ ዝተፈለየቶም ዓዋተ (Awate_Rb-2) መብርሂ ከህባ ከሎ እስኪ ራህዋ እኳ ኣባል እዚ ገዛ እኺ ዝብል መልሲ ተዋህበ። ስለዚ፡ እዚ Eritrean Room for Strong and United Opposition ብስም ዋንነት ናይ ሃገራዊ (hagerawi_1) ዝፍለጥ ገዛ ዋናታቱ ብዙሓትን ኣባላት ኣብ ትሕቲ ጽላል ኪዳን ዘሎዋ ውድባት እውን ዘሎውዎ ሓድነት ናይ ሰለስተ ሰልፍታት ከም ንዕላምኦም ሓደጋ ገይሮም ዝመዝኑ፡ ንሓድነት ዝጻረሩ ንናይ ምፍልላይን ምፍልንጫልን ውድባት ከኣ ከም ዓወት ዝገልጹ ናይ ተቓውሞ ተቓውሞ ዝኾኑ ዝተኣኻኸቡሉን ዝቐልስዎን ገዛ ምኳኑ ንምብራህ ኣጸጋሚ ኣይኮነን።

እዚ ኣብ ቀጻሊ ገጽ ተጠቒሱ ዘሎ ነጥብታት ኣብ ውሽጢ ናይ ክልተ ወርሒ ኣብ'ዚ ናይ ፓልቶክ ገዛ (Paltalk Room) ብ Eritrean Room For Strong and United Opposition ኣማሓደርቲ ገዛ (Room Admin.) ከም ሰማዒ ኣብ'ቲ ገዛ ኣብ ዝተሳተፍኩሉ ዝተባህለ ይኸውን። እዚ ኣብ ዝስዕብ ተጠቒሱ ዘሎ ነጥብታት ብ hagerawi_1, awate_rb-2 ከምእውን Daniel_Tewelde ዝብል ናይ

ፓልቶክ መጸውዒ ዝፍለጡ ዝተባህለን ይኸውን። ከም'ቲ ኣብ ዝስዕብ ዝሕብሮ ኸኣ ቀዳማይ ዕላምኦም ኣንጻር እተን ብሰላማውን ደሞክራስያውን ዝቃለሳ ሰልፍታትን ሰቪካዊ ማሕበራትን እዩ። እሱ ስለዝኾነ እቲ ዕላማ ብዝያዳ ኣንጻር ናይ ቅድም ሰልፊ ህዝብን ሕጂ'ኸኣ ኣንጻር ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራን ስድርን ዘቕንዐ እዩ። እቲ ዝጥቀሙሉ ሜላ ንጹር እዩ። ብክውኑን ዘይኮነን ተጠቒምካ ከመይ ጌርካ ነቶም ብሰላማዊ ኣገባብ ዝቃለሳ ሰልፍታት ካብ ህዝቢ ከምዝንጸሉ ምግባር ይኸውን።

ከም'ቲ እቲ ገዛ ስሙ ዝሕብሮ ንምሕያል ደምበ ተቓውሞ እንተዝኸውን እቲ ተግባራዊ ስርሓት ናይ'ቲ ነዚ ገዛ ዘማሕድሩን ዋናታቱን ከሞጎሱን ክድገፉን ምስተገበኣ። ነቲ ገዛ ዘቕመ ምኽናያት እውን እንተኾነ ንሓይሊ ተቓውሞ ንምሕያል ዘይኮነስ ንሓይሊ ተቓውሞ ንምጉዝዛይ ምዃኑ በቲ ዝብልዎን ዘካይድዎን ንምርድኡ ዘጸግም ኣይኮነን። እቲ መዓቀኒ እቲ ተግባራዊ ሸነኽ ድኣ'ምበር እቲ ዝጽውዑሉ ሽም ብስም ህዝቢ ዝህብዎ መደረ ኣይኮነን። ብካልእ ኣበሃህላ፡ ዘይደሞክራስያዊ ተግባራት እንዳካየድካ ደሞክራሲ ምባል፡ ንሓይሊ ተቓውሞ ክትጎጃጅልን ከተጸልምን እንዳወዓልካን እንዳሐደርካን ንሓድነት ሓይሊ ተቓውሞ ኢልካ ምጭዳር፡ ኣብ ጸለመን መርትዖ ዘይብሉ ብክሕደታት እንዳኸሰስካ፡ ናይ ፍትሒ ተጣበቕቲ ምምሳል፡ ንመከራ ናይ ህዝብናን ንዕድመ ምልካዊ ስርዓት ዘናውሕ ህዝቢ ኣብ ሓይሊ ተቓውሞ ንከይሳተፍ ዝገብር ናይ ምክፍፋል ሽርሕታት እንዳኣካየድካ ንድሕነት ህዝብን ሃገርን ኢልካ ምዝማር ናይ ከንቱነት ከንቱ ኮይኑ ኢዩ ዝተርፍ።

## እቲ ገዛ፡ መንዩ ዋንኡ መን'ከ ይቕልሶ?

ዋናታቱን ቀለስቱን እቶም ከም ኣመሓደርቲ ኮይኖም ዘካይድዎ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ስሙር-ግንባር ናይ ኣባላት ኣብ ውሽጢ ኪዳን ዝርከባ ውድባት ምዃኑ ብዝተዓዘብክዎ ናይ ክለተ ወርሒ ተሞክሮ ብሩህ እዩ። ናይ'ቶም ዝተፈላለዩ ውድባት ኣባላት (ካብ 15 ዘይበዝሑ) ብስም በርበረ_15 (Berbere_15) ዝፍለጥ ዝመራሒኦም ብስም ፋንኮ-02 (Fanco_02) ዝፍለጥ ኣንጻር ሰልፊ ህዝቢ ንክቃለስ ዝተማሓዘዎም እቲ ቀዳማይ ዕላማ ሰሪዮም ወግሐ-ጸብሐ ዘካይድዎ መደረ ጸረ እተን ኣብ ሓደነት ዝመጻ ውድባት ናይ ሕጂ ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ (ሰደህኤ) ይኸውን። እወ፡ ንክዛረቡ ዕድል ኣብ ዝረኸብሉ ጊዜ ብቀጥታ ይኹነ ብተዛዋዋሪ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ከይተላዕለን ከይተጠቕሰን ሓሊፉ ኣይፈልጥን፡ ሕጂ'ውን ከም መቐጸልታ ነዚ ሓድሽ ሰልፊ ወፈሮኦም ቀጺሎሞ ይርከቡ። እቲ ብሩህ ዘይኮነ ግን በዓል በርበረ_15ን ብጾቱን ፋንኮን ብውድቦም ደርጃ ዝተዋህቦም መምርሒ ተኸቲሎም ዘካይድዎ ድዩ ናይ ውልቆም ዕላማ ግን ነቲ ዝብልዎ ብምርኣይ ሓቢርና ክንግምግም ካብ'ቲ ዝጥቀሙሉ ቃላትን መደረን ንምሕያል ደምበ ተቓዎሞ እንተኾይኑ ሓቢርና ክንዕዘብ ይዕድመኩም።

## ብዓዋተ ኣርቢ-2 ዝፍለጥ ኣማሓዳሪ ገዛ ካብ ዝበሎም

1. ***ቀዳማይ ዕርዲ ከየፍረስካ ድሕሪ ዕርዲ ዘሎ ከተፍርስ ኣይትኽእልን ኢኻ።*** እዚ ነተን ሰላማዊ ኣገባብ ቃልሲ ዝኽተላ እንዳጠቐሰ ዝገለጾ ይኸውን።
2. ***ብሰላም ኣገባብ ምቕላስ ምንብርካኽ ኢዩ። ንሕና ከኣ ምስ ዝተንበርከኹ ብሓባር ክንሰርሕ ኣይንኽእልን ኢና***
3. ***እዞም ብኹሉ ኣገባብ ይኹን ብሓይሊ ቃልሲ እንኽተል ንመሰርታዊ ለውጢ ስለእንቃለስ ሓቢርና ክንሰርሕ ኣሎና። ኪዳን ከነሕይሎ ኣሎና። እንተ እቶም ብሰላም ዝብሉ ግን ንጽገና ስለዝቃለሱ ምስ ህግደፍ ብዘተ ክፈትሕዎ እዩ ዕላምኦም።***
4. ***<u>እሶም (እቶም ብሰላማውን ደሞክራሲያውን ዝቃለሱ) ውድቦም ኣብ ምዕባይ እዮም ዘሎው</u>*** ኢልካ ንዕኦም ከም ሕማቕ ነገር ኣምሲልካ ምክፋእ። እዚ ሓው በሽር ኢሳቕ ኣኼባ ወዲኡ ምስከደ ብተደጋጋሚ ዝበሎ ይኸውን።

## ብዳንኤል ተወልደ ዝፍለጥ ካብ ዝበሎም

1. ***ከም ህግደፍ ክይገበሉ ክሎው፡ ክይዓብዩ ክንቃለሶም ኣሎና*** —-ነቶም ሰለስተ ውድባት ኣብ ሓድነት ዝመጹ ቅድሚ ሓድነት ሓው ዳንኤል ብተደጋጋሚ ዝበሎ ይኸውን (እዚ እዩ ኸኣ ነቲ ገዛ ዘተኣኻኸበ ዕላማ)
2. ***ኪዳን ኣብ ክልተ ክምቀል ኣሎዎ። እቲ ብሰላም ዝብልን እቲ ብሓይሊ ጎነጽ ዝብልን ኣብ ሓደ ክሰርሕ ኣይክእልን ኢዩ። ስለዚ እቶም ብሰላም ዝብሉ ውሑዳት ስለዝኾኑ ካብ ኪዳን ዘይወጹ*** ዝብል ብተደጋጋሚ ብሓው ዳንኤል ተወልደ ንሓው ኣሕመድ ናስር ከምእውን ንሓው በሽር ኢሳቕ ሕቶታት ተሓቲቱ። እዚ ኸኣ ናይ እቲ ገዛ ሓፈሻዊ መርገጽ እዩ።

## ብ<u>ሃገራዊ_1 ዝፍለጥ ካብ ዝበሎም</u>

1. ***ቅድሚ ክልተ ዓመት ይኸውን ኢልናኩም ኔርና። ብዓል ዓብደላ ኣደም፡ መስፍን ሓጎስ፡ እዞም ናይ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ሕጂ ኸኣ ሰድሪ ወሲኽካ ልኡኻት ናይ ህግደፍ ምዃኖም ሓቢርናኩም።*** ። እዚ ኣብ ድሮ ኣኼባ ናይ ሓው ዓብደላ ኣደም ንኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ካብ ጉባኤ ኢትዮጵያ ዝተመለሱ ዓዲሙ ብዛዕባ ናይ ጽባሒቱ ኣኼባ ተቐባልነት ከይረከብ ኣንጻር ናይ በዓል ዓብደላ ብሓባር ኮይኖም ንጽባሒቱ ንምቅዋም ኣብ ዝተኻየደ ምሸት ዝበሎ ይኸውን።
2. ***እቲ ናይ ብሩሰሉስ ኣኼባ ብድሕሪኡ ሰርዓት ኤርትራ ዝምውሎ ኢዩ*** ኢልካ ነቲ ዝተዓደመ ፖለቲካዊ ውድባ ምስ ህግደፍ

ምትእስሳር ኣሎዎ ኢልካ ብዙሕ ተባሂሉ። ***ኣምበሳደር ናይ ኤርትራ ዝተዓደመ ምኽንያት ንክላዘቡ እዩም*** ኢልካ ዘይጭቡጥ ወረ ምንዛሕ። ክሳብ ሓው ሃገራዊ ንሓንቲ ሓብትና (selam_2020) እዚ ዝስዕብ ሕቶ ብጽሑፍ ከም ዝሓተታ ሓብትና ሰላም_2020 ከተረጋግጾ ኣይጽግምን።

> “*There is a theory that the Brussels conference was funded by the PFDJ government. What do you think?* ብትግርኛ ከኣ—ሓደ ክለሳ-ሓሳብ ኣሎ። እዚ ናይ ብሩስሉስ ኣኼባ ንክዳሎ እቲ ወጻእታት ዝሸፈኖ ናይ ህግደፍ መንግስቲ ዝብል ኣሎ’ሞ ከመይ ይመስለኪ ዝብል ሕቶ ንሰላም_2020 ሓውና ሃገራዊ ሓተታ። እዚ ግን ክለሰ-ሓሳብ ዘይኮነስ ዕላማ ናይ ሃገራዊ ንስድርን እቲ ዝተሳተፈ ውድብን ምስ ህግደፍ ናይ ሓባር ዕላማ ኣሎዎም ኢልካ ንህዝብ ንምድንጋር ዝተበገሰሉ ዕላማ እዩ ኣብሪሁ።

**<u>ሰለስቲኦም ዝበልዎ</u>**

1. Democracy for All Discussion Group Room—ናይ ሰልፊ ህዝቢ መሳርሒት እያ (ብኣባል ናይ ሰልፊ ህዝቢ ስለ እትመሓደር) ኢልካ ኣንጻር ናይ’ታ ገዛ ክንደይ ዘይተባህለ። እዚ ኸኣ ብዝኾነን ዘይኮነን ናይ ምምሕዳር ጉድለት ናይ’ታ ገዛ መን ተሰዂጉ ኢልካ ንሰባት እንዳሓተትካ ኣንጻራ ንሰልፊ ህዝቢ ዝረኸቡ ስለዝመስሎም ብዙሕ ጸለመ ተኻይዱ። ምኽንያት ምስ ኣበዮም እውን ህዝቢ ኣብ ልዕሌኣ ዕቃበ (boycott) መታን ክገብር ፍሉይ ኣኼባ ኣዳልዮም ኣኼባ ኣካይዶም። ሓደ ካብ’ቲ ዝኸስዎ ከኣ ንኣባላት ደምበ ተቓውሞ ኣብ’ቲ ገዛ ከይኣትው ይኽልክሉ ኣባላት ህግደፍ ከኣ ከምድላዮም ኣብ’ቲ ገዛ ይዛርቡ ዝብል ይኸውን። ሕሉፍ ሓሊፉ ሓው ዳንኤል ተወልደ ***313 ኣባላት ተቓውሞ ወያኔ ኢሎም ካብ’ቲ ገዛ ኣውጺኦምም*** ክብል እውን ተሰሚዑ። እታ ወያኔ እትብል መደማመቒት ቃል ንምንታይ ዕላማ ምኽና መቓምምቲ ኣትያ ግን እሱ ክምልሳ እንተገደፍናያ ይሓይሽ።
2. ***ዘተ ምስ ህግደፍ ዝደልዩን ብሰላም ክፈትሑ ዝደልዩን ጠላማት*** ኢልካ ምክፋእ። ኣብ ብዙሕ ኣጋጣምታት እዚ ዓይነት ጽሑፍ ኣብ’ቲ ገዛ ክጽሓፍ ትዕዘብ (EPP + EDP + EPM + CIDRIE = PFDJ). እወ እዞም ከም’ዚ ዝኣመሰለ ጽሑፋት ኣንጻር እዘን ውድባት ዝጽሕፉ ኣብ’ቲ ገዛ ከም ደቂ-ገዛ ዝፍለጡ ከሎው ከም ኣባል ናይ’ዘን ውድባት ክትዛረብ ዕድል ኣብ ዝረኸብካሉ ግዜ ንቃላትካ ዘይትርጉሙ ብምሃብ በቲ ክጥቀሙሉ ዝደለይሉ መንገዲ ንዘረባ ክመጥዎን ክሽርፍዎን (ክትርጉምዎን) ትዕዘብ።

እዚ ኸኣ ብዛዕባ ነብሶምን እቶም ዝሕብሕብዎም ደቂ ገዛን ክዛረቡ ከሎው ***ንሕና ኣብ ሃገርን ህዝብን ምድሓን እምበር ኣብ ውድብ ምዕባይ የለናን*** ኢልካ ነብስኻ ብምውዳስ ነቲ ካብ’ኦም ዝፍለ ራኢ ዘሎዎ ውደባ ህዝቢ ንክጸልኦን ክፍንፍኖን ዝዕላምኡ ይኸውን። እዚ መብዛሕትኡ ብዓዋተ (Awate_rb2) ተደጋጊሙ ክብሃል ኢኻ ትሰምዖ። ኣብ ዝሓጸረ መዓልታት ንኣብነት ንሓው በሽር ኢሳቕ ክምጉስ ከሎ *“እስኻ ናይ ውድብካ ዕማም ገዲፍካ ሃገርን ህዝብን ንምድሓን ናይ ኪዳን ስራሕ ተቐድም ሰብ ምኧንካ ኣምስኪርካ እንተ እቶም 24 ሰዓት ውድቦም ከዕብዩ ዝቃለሱ ኩላትና ንፈልጦም ኢና”* ንሓው በሽር ሞጎስ ዘላፉ ኸኣ ንመን ምኧኑ ዝደናገር ሰማዒ ዘሎ ኮይኑ ኣይስመዓንን።

***“ቀዳማይ ዕርዲ ከየፍረስካ ድሕሪ ዕርዲ ዘሎ ከተፍርስ ኣይትኽእልን ኢኻ” Awater_rb2***

እዚ መግለጺ’ዚ ዝተዋህበ ነተን ብሰላማው ደሞክራስያውን ዝቃለሳ ሰልፍታትን ሲቪካዊ ማሕበራትን ተኣሳሲሩ ዝተጠቕሰ ኮይኑ እቶም ብሓይሊ ጎነጽ ንመሰረታዊ ለውጢ እንቃለስ ሓቢርና ንድሕነት ሃገር ክንቃለስ ኣሎና ድሕሪ ዝብል መደረ ምስምዑ ይኸውን። እዚ ብግሉጽ መልክዕ ምስ ካልኦት መሳርሕቱን ናይ’ቲ ገዛ ኣባላትን ዝብልዎ ዘይፍለ ኮይኑ ትርጉሙ ነዘን ብሰላማዊ ኣጋባብ ዝቃለሳ ከይሰዓርናን ከየዳኸምናን ናብ ድሕሪ ቀዳማይ ዕርዲ ዘሎ ስርዓት ኢሳያስ ክንሰግርን ከነፍርሶን ኣይከኣልን እዩ ዝብል ይኸውን። ብካልእ ኣዘራርባ እዞም ነዚ ገዛ ዘማሕድሩን ዝሕብሕቦም ኣባላቱን ከም ቀዳማይ ጸላኢ ሰሪዖም ዝቃለሱሉ ኣንጻር ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራን (ሰደህኤ)፡ ስድርን ካልኦት ሰቪካዊ ማሕበራትን ብሰላማዊ ኣገባብ ዝቃለሱ ደቂ ሃገርን ምኧኖም ብንጹር ንምርዳእ ኣጸጋሚ ኣይኮነን። ኣብ’ቲ ገዛ እንታይ ዓይነት ኣርእስቲ ይለዓል ብዘይገድስ ነቲ ገዛ ዘካይዱ እቲ 70% ግዜኦም ዘጥፍእሉ ግዜ ኣንጻር ሰላማዊ ኣጋባብ ቃልሲ ዝጥቀማ ውድባት ይኸውን። እቲ ዘገርም ንመሰልን ንፍትሕን ደሞክራስን ንቃለስ ብሃልቲ ንናይ ካልኦት ኣገባብ ቃልሲ ብምኹናን ናታቶም ኣገባብ ቃልሲ ዘይመረጸ ዝኾነ ይኹን ኣገባብ ተጠቒምና ቅድሚ ነቲ ህዝብና ጅሆ ሒዝዎ ዘሎ ምልካዊ ስርዓት ህዝቢ ከም ዝፍንፍኖም ብምግባር ከነዳኽሞም ኣሎና ዝብል ንህዝብን ሃገርን ዘየርብሕ ዕጥቂ እዮም ተዓጢቖም። እቲ ወትሩ ዝጥቀሙሉ ኸኣ ሓሶትን ጸለመን ኮይኑ ከም ሓለይቲ ኪዳንን ብስም ድሕነት ሃገርን ህዝብን ሰብ ክርእየሎም ዝሽቅጡ ኣባላት ናይ ዝኾነ ውድብ ኣይኮናን እንዳተባህለ ብኣንጻሩ ዝኽብክቡዎ ንጸቢብ ዕላማታት ውድብ ከምዘሎዎምን ናይ ዝድግፉዎ ውድብ ከም ዝቃለሱ በቲ ዕለታዊ ዘካይድዎ ተግባራትን በቲ ብድሕሪ መጋረጃ ኮይኖም ዝሕብሕብዎም ኣጆኹም ዝብልዎም ሰባት ኣለሊኻ ንዘስተብህል ንምርድኡ ኣጸጋሚ ኣይኮነን።

ናይ ሰለስተ ውልቀ-ሰባት ጸገም እንተዝነብር ዕሽሽ ኢልካ ምስ ተሓልፈ ነይሩ። ኮይኑ ግን፣ እዚ ሱር ዘሎዎ ኣካል ናይ'ቲ ንደምበ ተቓውሞ ንቕድሚት ከሰጉሞ ዘይከኣለ ኣብ ውሽጢ ኪዳን ዘሎ ዘይውህደት ናይ ተቓውሞ ደምበ **ሓቢርና-ንድከም** ዝብል ድሑር ዕላማታት ዝሓዘለ ይመስል። እወ ናይ ብሓቂ ኣብ'ቲ ገዛ ብኪዳን ሓለይቲ ዝመስሉ ኣባላት ናይ ዝተፈላለየ ውድባት ስሙር-ግንባር ኣንጻር እተን ሰላማውን ደሞክራስያዊ ቃልሲ ዝቃለሱ ፈጢሮም ከምዘሎው ሕቡእ ኣይኮነን። ብቅሉዕ መንገዲ እውን ኣባላት መሪሕነትን ወከልቲ ውድባት እውን ከይተረፉ ኣብ ህዝብና ብዛዕባ ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ምጥርጣር ንክሓድሮ መታን ኣብ ድሮ ሓድነት ድሕሪኡን ነዚ ቃላት ከደጋግሙ ይስምዑ። ነቲ ብስም *Ex-Fbi* ዝመሓደር ገዛ ኣተሓሒዞም ንሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ዕላምኡ ብበዓል ፋንኮ_02 ክግለጽ ከሎ፥ ***"ይጠሓን፣ ይልወስ ይቦክዕ ኢዩ ዘሎ ናበይ ገጾም ይኸዱ ከምዘሎው ኩሉ ከፈልጦ ኣሎዎ"*** ። ስኽኽ ከይተባህለ ዘረባታት ከም ኣባል ናይ'ቲ ሰልፊ ክትሰምዖ ከሎኻ ሕልምና ክሳብ ክንደይ ፍልልይ ከምዘሎዎን ሕማም ናይ ኪዳን እውን እንታይ ምዃኑ ንክትርዳእ ብቀሊሉ ትኽእል።

እዚ ጸለመ እዚ ሓዲሽ ጉዳይ እውን ኣይነበረን። ንኣብነት ኣብ ነሓሰ 2009 ኣብ ፍራንክፈርት ዝተኻየደ ፈስቲቫል ሓብትና ለምለም ጸሃየ ዝሓተቶ ካብ ባዶ ዝተበገሰ ሕቶ ኣይነበረን። እቲ ሕቶኣ ብሕጽር ዝበለ እዚ ዝስዕብ እዩ ነይሩ። ***<u>ካብ ውሽጢ ደምበ-ተቓዎም (ኣባላት ኪዳን) ጠቒሊልኩም ናብ ህግደፍ ክትኣትው ትሓስቡ ኣሎኹም ይብሉኹም ኣሎውም እሞ ሓቅነቱ ንህዝቢ ብግልጺ ኣብርህሉ</u>*** ዝብል ካብ ንጹህ ሕልናን ብግሁድ መንገዲ ከምዝሓተት ይዝከር። እወ እቶም ዋናታት ናይ'ቲ ጸለመ ኣብ'ዚ ገዛ ኣንጻር ሰደህኤ ዝተኣኻኸቡ ሰብ ዕላማ ከም ምዃኖም ዘጠራጥር ጉዳይ ኣይኮነን። ሰደህኤ ናብ ህግደፍ ከም'ቲ ዝብልዎ ክኣቱ እንተሓሲቡ ካብ ህዝብና ክውል ከምዘይከውን ግን ከብርሃሎም ይፈቱ። እቲ ሰልፊ ህዝባዊ ሰረት ዘሎዎ ናይ መሰረታት ሰልፊ ምዃኑ እውን ምርድኡ ሓጋዚ ኮይኑ ይስመዓኒ። እቲ ዘገርም ግን መራሕቲ ህግደፍ ምልካዊ ባህርያቶም እንዳኸፍኣ ኣብ ዝኸደሉ መድረኽ ካብ ህግደፍ ዝሃድም እምበር ናብ ህግደፍ ዝምለስ ኣብ ዘይንርእየሉ ሰዓት እዚ ዝኣመሰለ ከንቱ ጸለመ ምጽላም ተመሊሱ ንዖኦም ዘሕፍር ምዃኑን ብጀካ ግርማይ ኪዳነ ፊሊፖ ዝኣምኖም ሰብ ከምዘየለ ሓበሬታይ ይልግሰሎም ። መራሕቲ ህግደፍ እውን ናይ ልዝብ ባህርይ ኣሎውም ዝብል ዕግበት እውን የብለይን እስኹም እውን ክትፈልጡ ምስተገብኣ። ብዛዕባ ኪዳን ኣፍልጦ እነተሃልይኩም ከኣ ኣብ ትሕቲ ጽላል ኪዳን ዘሎዎ ውድባት ብኪዳን ደረጃ ልዝብ ምስ ናይ ኤርትራ ምልካዊ ስርዓት ከምዝድገፍ ክትፈልጡ ምስተገብአ እብል።

> ***"ንህግደፍ ሓግሒግና ብኹሉ ኣገባብ እቶም መሰረታዊ ለውጢ ንምምጻእ ንቃለስ ጸላእትና ኣለሊና ሓቢርና ንቃለስ "***
> ብዝያዳ ዓዋተ ዝብሎን ብኹሎም እውን ዝብሃል

ምስ እዚ ኣበሃህላ'ዚ ኣተሓሒዞም ዝገልጽዎ እተን ብሰላማዊ ኣገባብ ዝቃለሳ ንጽገናዊ ለውጢ እየን ዝቃለሳ ዝብል ይኸውን። እቲ ሓቂ ግን ከምኡ ስለዘይኮነ ምክፋእን ጸለመን ኮይኑ ምስ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ብሓባር ትሰርሓሉ መንገድን መንፈስን እውን ክህሉ የጸግም። ብቀጥታ ትርጉሙ ናይ'ቲ ዝብልዎ ደም-ኣፍሲስካ ዝመጽእ ለውጢ መሰረታዊ ለውጢ እዩ፣ ብሰለማዊ ኣገባብ ዝመጽእ ግን ጽገናዊ እዮም ዝብሉና ዘሎው። እቲ መዓቀኒ ናይ ለውጢ እቲ ዓይነት ናይ'ቲ ለውጢ ድዩ ወይስ እቲ እትጥቀመሉ መስርሕ? ንእግረ-መንገደይ እውን ክሓቶም ናይ መን ደም ኣፍሲሶም እዮም መሰረታዊ ለውጢ ዝብሃል ዘሎ? ከም'ቲ ቀዳማይ ዕርዲ ከይፈረሰ ብድሕሪኡ ዘሎ ዕርዲ ኣይፈርስን ዝብልዎ። እተን ብሰላማዊ ኣገባብ ዝቃለሳ ካብ ኮና እቲ ቀዳማይ ዕርዲ ዘሎዋ፣ ኣብ ካልኣይ ዕርዲ እውን ዋርሳይ ብዘይድሌቱ ዝዓጠቐ ኣካል ናይ ህዝብና ተቐባል ነጻነትን ሓርነትን ክኸውን ዝግበኦ ከምዘሎ እውን ምሕባር ዘድልዮም ኣይመስለንን። ንዋርሳይ-ይከኣሎ'ኸ ሰራዊት ስለላ ብዝብል መመኽነይታ እቲ ብረታዊ ጎነጽ ዝብሃል ክሰላሰል? ብወገነይ እዚ ነጥቢ'ዚ ብምክብባር እቲ ሰላማውን ደሞክራስያውን ኣገባብ ቃልሲ ዝሓሸ ኣማራጺ ምዃኑ ኣብ ህዝባዊ መድረኽ ክወጸሉ ዘይሓፍረሉ ዘየወላውል መትከላዊ መርገጸይ እዩ። እሳቶም ካብ ጸለመ ብምልቓቕ ነቲ ሰላማውን ደሞክራስያውን ኣገባብ ዘየዋጽእ ምዃኑ ንህዝቢ ክምህሩ ግቡኦምን መሰሎምን እዩ። በቲ ሓደ ወገን እቶም ዝተፈልየ ርእይቶ ዘሎና ኸኣ ርእይቶና ኣብ ህዝባዊ መድረኽ ክንገልጽ መሰልናን ግቡእናን ይኸውን። ስለዝኾነ ካብ ምክልኻል ሓሊፉ ብስም ሓይሊ ስለላ ህግደፍ ብዝብል ምስምስ ንዝግበር ኣንጻር እቲ ውጹዕ ኣካል ናይ ሕ/ሰብና ዋርሳይ-ይከኣሎ ብወገነይ ከም ውልቀ-ሰብ ኣትሪረ ይቃወሞን ንክቃወሞ ከኣ መሰለይ ምዃኑ ዘሎኹዎ ሰልፊ እውን እንተኾነ ንመሰለይ ከኽብር ይሓቶ። ስለምንታይ ውልቃዊ ነጻነተይ ሽይጠ ዝተጸንበርኩዎ ሰልፊ ከኣ የለን፡ ክኸውን እውን ኣይመርጽን። ብዋርሳይ-ይከኣሎ ቀንጺልካ ሕልናይ ኣየፍቅዶን ዝርከብ ህዝባዊ ፖለቲካዊ መኸሰብ ከምዘየሎ እውን ብወገነይ ሙሉእ ዕግበት ኣሎኒ። ብዝያዳ ድኣ እቲ ውጽዕ ኣካል ናይ ሕብረተ-ሰብና (ዋርሳይ-ይከኣሎ) ናብ ህግደፍ ዝይዳ ንክጽጋዕ ዝደፋፍእ ተግባራት ካብ ምዃን ሓሊፉ ንሓይሊ-ተቓውሞ እውን እንተኾነ ረብሓ ከምዘይብሉ እየ ዝርኢ። እቲ ዘገርም

ኣሰና ብዛዕባ ብሩስሉስ ኣኼባ ዝበለቶ ተባሂሉ ኣብ’ቲ ገዛ ብዘይድሌትና ክንሰምዕ ከምዘይተግብረ ናይ ኣሰና ትዕዝብቲ ብዛዕባ ብረታዊ መጥቃዕቲ ኣብ ዝተዋህበሉ ኸኣ ናይ ኣሰና ዕላማ ኣብ ምትሕትታት ከኣ ተበጺሑ ይርከብ። ከም’ዚ እንተኾይኑ እሞ ክዝሕለካን ብኢድካ ክውዕየካን ብማንካ ይኸውን ኣሎ ማለት እዩ። እታ ክትምስገን ዝጸንሐት ኣሰናን እታ ኣስተውዒላ ዝተዓዘበቶ ዝገምገመት ኣሰናን ሓደ እየን ይመስለኒ። እቲ ፍልልይ ንሕና ብእንገብሮ ኣይትተንኩፉና፣ ከምድላይና ክንገብር ኣይትንቀፉና እንተኾይኑ ኣብ መስርሕ ደሞክራሲ ቆርበቶም ከርጉዱ ጥራሕ እየ ክላበዎም ዝፈቱ። ኣብ ሓቅን ኣብ ወድዕነትን ዝተመርኮሰ ኸኣ ናይ ወጋሕታ-ብርሃን መርገጽ ኣብ’ዚ ነጥቢ’ዚ ካብ’ቲ ናይ ኣሰና ብዝበርሀ መንገዲ ካብ ምብራህ ከምዘይትድሕር ፈሊጥኩም ተጻዋርነትኩም ከተዕዝዙ ይላበወኩም። ጉዳይና፡ ፍልልያትና ኣብ መድረኽ ህዝቢ ብስነ-ስርዓት ክዝረበሎም ከኣ ንቡር ኮይኑ ህዝቢ ዝደለዮ ክድግፍ፡ ዝይረበሓሉ እንተኾይኑ ከኣ ክቃወም መሰሉ ብኹሉና ክኽበር ኣካል ናይ ደሞክራስያዊ መስርሕ ምዃኑ ክንዝንግዖ ኣይግበኣናን። እቲ ንህዝብና ዝጠቅም ዕላማ ክስስንን ክሕይልን እቲ ንህዝብና ዘየርብሕን ከኣ ክዳኸምን ዝድለ መድረኻዊ ደሞክራስያዊ መስርሕ እዩ። ብሸፍኖ ሸፋፍኖ ዝኸይድ ደሞክራስያዊ ለውጢ የለን። ዘሎና ሓባራዊ ኣረኣእያን ፍልልይን ንህዝብና ካብ ሓቂ ዝተመርኮሰ ንጹር ኮይኑ ኣብ ህዝባዊ መጋባእያ ክዝረበሎም ኣሎዎ። ጽባሕ ንግሆ ንህዝብና ሽግር ክንፈትሕ ክንብል ሽግር ሒዝና ከይንኣትዎ ኩሉ ኣብ ቃልዕ ክዝረበሎም ኣድላይነቱ ዝዓዘዘ እዩ።

*“ቅድሚ ክልተ ዓመት ይኸውን ኢልናኩም ኔርና። ብዓል ዓብደላ ኣደም፡ መስፍን ሓጎስ፡ እዞም ናይ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ሕጂ ኸኣ ስድሪ ወሲኹካ ልኡኻት ናይ ህግደፍ ምዃኖም ሓቢርናኩም”። ኣብ’ቲ ገዛ ንዝተዓደሙ ኣባላት ግ.ሃ.ድሕነት hagerawi_1 ዝበሎ ይኸውን።*

እዚ ስለዝበዝሐ ድኣ’ምበር ንምድጋሙ እውን ዘሕፍር እዩ። ስለዝኾነ እዩ’ውን ብግርማይ ኪዳነ (ፍሊፖ) ዝሰንዘር ተመሳሳሊ መዓልታዊ ክስታት ሰብ መልሲ ዘይህበሉ። እንተኾነ ከምኡ ዝኣመሰለ ጸለመ ኣብ’ቶም ንደምበ ተቓውሞ ንምሕያል ዝብሉ ክትሰምዖ ከሎኻ ዕሽሽ ኢልካ ዝሕለፍ ጉዳይ ኣይኮነን። ኣነ ነዞም ከም ልኡኻት ዝተኸሰሱ ሰባት ንምክልኻል ዘይኮነስ፡ እቲ ዝይዳ ዝተገደስኩሉ ብዛዕባ ሓቅነት ናይ ኣባሃህለኦም ካብ ምንታይ ከምዝብገስን ኣብ ምንታይ ከምዝምርኮስን መርትዖታት እውን ንከሰንዩ ክሓቶም ይደሊ። እንተድኣ እኹል መርትዖ ዘይብሎም እንተኾይኑ ከኣ ካብ ጸለመ ሓሊፉ ካልእ ክኸውን ፍጹም ኣይክእልን እዩ። እቲ መምዘኒኦም ናይ ልኡኽ ናይ ህግደፍ እዮም ከብሎም ዝኸኣለ እንታይ ኮን ይኸውን። እቲ መምዘኒ ናይቶም ዝጽለሙ ዘሎው ድሕረ-ባይታ ህዝባዊ ግንባር ስለዝኾነ ድዩ ወይስ ምስ ርእይቶኦም ዘይሳነ መርገጽ ስለዝወሰዱ? እቲ መምዘኒ ህ/ግንባር ስለዝነበሩ እንተኾይኑ ንፍርቂ ህዝቢ ኤርትራ ልኡኻት ናይ ህግደፍ እዮም ክብሉዎም ማለት ድዩ? ለውጢ ንምምጻእ ዝኾነ ኤርትራዊ/ት ድሕረ-ባይታ ናይ ዝነበሮ/ራ ውድብ ብዘየገድስ ብሓባር እቲ ጀብሃ ሻዕባያ ዝብል ድሑር ናይ ምፍልላይ መድረኽ ሰቢርካ ንህዝብን ሃገርን ንምድሓን ብሓባር ናይ ሓባር ጸገም ምፍታሕ ግዚኡ ዝሓለፎን መድረኻውን ጠለብ ህዝብና እዩ። ስለዝኾነ ኸኣ ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ውጽኢት መድረኻዊ ህዝባዊ ጠለብ እያ ክብል እደፍር። ኣብ ምንታይ ኩነታት ተባሂሉ እውን መርገጽ ናይ በሃሊኡን ብዝያዳ እንዳተነጸረ ከምዝኸደ ተዓዚብና ክንከውን ተስፋ እገብር። ብተወሳኺ ኣብየናይ ሸንኹ እዩ ንምሓያል ሓይሊ ተቓውሞ እዚ ኣበሃህላ ዘገልገለ።

***ከም ህግደፍ ከይገበሉ ከሎው፡ ከይዓብዩ ክንቃለሶም ኣሎና። ነቶም ስለስተ ውድባት ኣብ ሓድነት ዝመጹ ቅድሚ ሓድነት ሓው ዳንኤል ብተደጋጋሚ ዝበሎ ይኸውን***

ሓው ዳንኤል ካብ ሰልስቲኦም ኣካየድቲ ናይ’ታ ገዛ ብዕድመ ዝነኣሰ ኮይኑ ከም’ቶም ካልኦት ንዕላማ ናይ’ቲ ገዛ ሜላ ከይሓወሰ ስለዝዛረብ ነቲ ገዛ ዘበገሰ ዕላማ ንሓይሊ ተቓውሞ ንምሕያል ዘይኮነ ንናይ ቅድም ሰልፊ ህዝቢ ንናይ ሕጂ ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ንከይሕይልን ንከይዓብን ዕላምኡ ንክቕህምን ከም ምዃኑ በዚ ኣበሃህላ እዚኣ ብንጹር መንገዲ እዩ ኣብሪሁዎ። ብወገነይ ኣጋግዮሞ ድኣ’ምበር ሕማቕ ንክገብር ናይ ርእሱ ተበግሶን ድሌትን ኣሎዎ ዝብል ትዕዝብቲ እውን የብለይን። ብዙሕ ምትንኳላት ስለዘይተማህረን ባህርያቱ እውን ስለዘይፍቅደሉን እቲ ምስ ቅንዕና ዝተሓወሰ እቲ ምስጢር ናይ’ቲ ገዛ ካብኡ ኢኻ እትሰምዖ። እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ነጥብታት ይኹን ጸለመ ዕላምኡ ከም’ቲ ተደጋጊሙ ዝተገልጸ ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራን (ሰ.ደ.ህ.ኤ) ንከይህሉን ዕላምኡ ንከይዕወትን ይኸውን። ስለዝኾነ ኸኣ ኣብ’ቲ ገዛ ኣብ ምድኻም ሰ.ደ.ህ.ኤ. ጠቕሚ ኣሎና ኢሎም ዝኣምኑ ኣባላት ናይ ዝተፈላለየ ውድባት በቶም ቀየስትን ቀለስትን ናይ’ቲ ገዛ ዝተባህለ ክደግሙ እዮም ዘምስዩ። እቲ ገዛ መስትያት ናይ ኪዳን እዩ እንተድኣ ተባሂሉ ከኣ ናይ ብሓቂ ኣብ ኪዳን ዘሎዋ ውድባት ንሸም ድኣምበር ዘራኽበን ገመድ ልሕሉሕ ምዃኑ ኢኻ ትዕዘብ። በዚ ምኽናያት’ዚ እዮም እውን ኪዳን ኣብ ክልተ ክምቀል እቲ ገዛ ዝደፍእ ዘሎ። ኪዳን ዘይምጥዓዩ ዘርኢ ኸኣ ነቲ ናይ ምምቕቓል ኪዳን ዝድግፍ ጉጅለ ብስም መርበብ ሓበሬታ ፓልቶክ ካብ’ቲ ገዛ ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ንክሳተፉ ምዕዳሞም ሱሩ ነዊሕን ናይ ኪዳን ዘይምጥዓይን እዩ ዘርኢ።

**እቲ ብተደጋጋሚ ዝህብዎ መደረ ኣባላት ሰልፊ ህዝቢ ውድቦም ንምዕባይ ይቃለሱ ዝብል ብዙሕ ግዜ ኢኻ ብኹሎም እትሰምዖ።**

እዚ ኣነ ከም ሞጎሰ ድኣምበር ከም ወቐሳ ገይረ ኣይወስዶን ኣባላት ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ እውን ሕጂ ብዝያዳ ኣብ'ቲ ሰልፊ ህዝቢ ከሳትፉን መንእሰያት መሪሕ ተራ ኣብ'ቲ ሰልፊ ክህሉዎምን እዩ ሓደ ካብ'ቲ እቲ ዝጸበዮም ዓማም። ሓደ ውድብ እኩብ ድምር ኣብ ኣረኣእያ (ፖለቲካዊ ፕሮግራም) ዝሰማምዑ ውልቀ-ሰባት ዝሓቑፈ ዕላማ ዘሎዎ ውደባ እዩ። ውድብ መሳርሒ ናይ ዕላማ ኮይኑ ዕላማኻ ንከተዕውት እትጥቀመሉ ሓድነታዊ ጥርናፈ እዩ። እቲ ዕላማ ንውድባ ንምዕዋት ዘይኮነ እቲ ዕላማ ነቲ ውድብ ከም ናውቲ ተጠቒምካ ነቲ ኣብ ሓደ ዝጠርነፈ ዕላማ ናይ እቲ ውድብ ንምዕዋት እዩ። ንኣብነት ምሕያል ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝድለየሉ ምኽንያት ንዕላማ ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ንምዕዋት ዓቕሚ ንምውናን ኣኽእሎ ንክጥረ ስለዝድለ ይኸውን። እቲ ኣኽእሎ ኸኣ ነቲ ሰልፊ ዝኣምነሉ ዕላማ ማለት *ሓድነት ህዝባን መሬታን ዝዓቀበት፡ ሰላምን ፍትሕን ዝሰፈና፡ ኣብ ትሕቲ ሃገራዊ ቅዋም እትመሓደርን ንኣህጉራዊ ሕግታትን ውዕላትን እተኽብርን ብልጽግቲ ኤርትራ ምህናጽ እዩ።*

እቲ ሰልፊ ነዚ ተጠቒሱ ዘሎ ዕላማ ንምዕዋት ከኣ ህዝቢ ተወዲቡ ንክቃለስ ጻዕሪ የካይድ። ብሓደ ወገን እቲ ውድብ እንተሰፊሑን እንተዓብዩን ከኣ ንዕላማታት ከዕውት ዓቕሚ ይውንን። ብካልኣይ ሸነኽ ከኣ ናቱ ዕቤት መግለጺኡ ህዝባዊ ደገፍ ከምዘሎዎ የመስክር ኣሎ ማለት ይኸውን። ሰ.ደ.ህ.ኤ. ዕላምኡ ህዝባዊ ዕላማ እዩ ኢሉ ስለዝኣምን ህዝቢ ንክሳተፎን ህዝቢ ነቲ ሰልፊ ከም መሳርሒ ተጠቒሙ ምልኪ ኣብ ምልጋስ ጥራሕ ዘይኮነ ፍትሒ ኣብ ምንጋስ እውን ክግልገሉ እዩ እቲ ጻዕሪ። እቲ ዘይርድኣካ ግን እዚ ነጥቢ'ዚ በቶም ብርእይቶ ኣብ ፕሮግራሞም ምስ ሰልፊ ደሞክራሲ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ይመሳሰሉ ካብ እትብሎም ናይ ውድባት ኣባላት ወግሐ-ጸብሐ ክብሃል ክትሰምዖ ከሎኻ እቲ ፍልልይ ናይ ኣረኣእያ ዘይኮነ ናይ ውልቃዊ ቅርሕንትን ካልእ ሕማማትን ከይከውን ትሰግእ። ውድብ ምዕባይ ብህዝባዊ ደገፍ ዝግለጽን ዝምዘንን ካብ ኮነ ካብ መዓስ እዩ ሓጥያት ዝኾነ። ሓድነት ምግባር እውን እኮ ንዕቤት ናይ ሓደ ውድብ ዝድርኽ ተግባር ስለዝኾነ ንሓድነት ናይ ውድባት ዕቤት ስለ ዘስዕብ ንሓድነት ናይ ውድባት ይቃወሙ ማለት እዩ ዘስምዕ። እሱ እንተኾይኑ እቲ ኣበሃህላ ህዝብና መርገጽኩም ብንጹር ንሕና ሓድነት ናይ ተቓውሞ ውድባት ኣይንድግፍን ዝብል ብግሉጽ ንክትብሉዎ ይዕድመኩም። ትማሊ ትማሊ 3+2 ከምዘይተባህለ ሕጂ ኣብ ምውልድ ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዝኾነሉ ግን እቲ ዕቤት ዘይድለየሉ ምኽንያት እንታይ ኮን ይኸውን? እወ ስለዝኮነ እዩ እውን ኣብ'ቲ ገዛ ነቲ ምፍንጫል ሕጂ ጻሪኹም ብምባል ዝተወደሰ።

ምፍንጫል ናይ ውድባት ከም ኣወንታዊ ብምውሳድ ሓድነት ናይ ውድባት ከም ዘይተዳላይን ከይዓብዩ ከይጎብለሉ ከሎው ሓቢርና ንቃልሶም ኢሉ ዝተኣኻኸበ ናይ ተቓውሞ ተቓውሞ ንነብሱ ሓላይ ኪዳንን ሓላይ ሃገርን መድሕን ህዝብን ብከመይ ክኸውን ይኽእል። ብስነ-ሞጎት (logic) ምስ እንርእዮ እኮ ኪዳን ክሕይል ንኪዳን ዘቖማ ውድባት ክሕይላ ኣሎወን። ኪዳን ክሕይል ምፍንጫል ናይ ውድባት ክተባባዕ ኣይግበኦን። ኪዳን ክሕይል ንኪዳን ዘቖማ ውድባት ብኣረእእያ ዘራኽበን ክርጉድን ህዝባዊ ደገፍ ክረኽባ ምስ ዝኽእል እዩ። ኪዳን ክሕይል ኣብ ክልተ ክምቀልን ክተባባዕ ኣይምስተገብኣን። ኪዳን ክሕይል ንኪዳን ዘዳኽሙ ነገራት ብምክብባር ንክፍትሖ ሓገዝ ምግባር ዝሓሸ ከም ኣማራጺ ክውሰድ ምስተግብኣ። ኪዳን ክሕይል ኣብ ኪዳን ዘሎዋ ውድባት ናይ ኣብ ሃገር ዘሎውን መጻኢ ራእይ ብግሉጽ ንህዝብና ከብርሃን ሃገር-ለኸ ፕሮግራምን ራእን ክህሉወን (ካብ ብሄራውን ሃይማኖታውን ወጻኢ) ምስ ተጠልበ። ኪዳን ክሕይል ካብ ኪዳን ወጻኢ ዘሎዋ ውድባት ኣብ ኪዳን ክኣትዋሉ ዝኽእላሉ መንገዲ ምፍጣር ምስተመርጸ።

**እቲ ኩሉ ኣገባብ ቃልሲ ዝፈረሙሉ ናይ ኪዳን ቻርተር ዝጠልምዎ ዘሎው ህዝቢ ክዕዘብን ከስተብህልን ደድሕሪ ዝተጋገየ ክስዕብ የብሉን። ብስም በርበረ_15 ዝፍለጥ ኣባል መሪሕነት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ዝበሎ እስኪ ንተዓዘብ**

ብቀዳምነት ኣነ ኣባል ተሓኤ-ሰውራዊ ባይቶ ኣይነበርኩን ከም ካልኦት ብዙሓት ንሰልፊ ህዝቢ ካብ ፖለቲካዊ ፕሮግራሙ ብምንቃል ካብ 8/1/08 ኣትሒዘ ኣባልነተይ ኣረጋጊጸ። እዚ ንኣንባባይ ንክመዝን ይሕግዞ ይኸውን ካብ ዝብል እየ እዚ ሓበሬታ ናይ ድሕረ-ባይታይ ዝህብ ዘሎኹ። በረበረ-15 ሓደ ካብ'ቶም ቀንዲ ቀላስን በዓል ገዛ ናይ ብሃገራዊ_1 ስም ዋንነት እትጥቀስ ገዛ ምኧኑ ካብ'ቲ ኣብ'ቲ ገዛ ዝብሎን ተደጊሙ በቶም ኣማሓደርቲ ገዛ ዝበሃልን ፍልልዩ ናይ ኣባሃህልኡ ፍልልይ ድኣምበር ናይ ትሕዝቶ ፍልልይ ፍጹም የብሉን። ብኢድ ኣዙር ስለዝዛረብን ዝይዳ ንዘይፈልጥ ዝዋሕለለ ክመስል ይኽእል ይኸውን ኮይኑ ግን ንዓይ ከም ተዓዛባይ ናቱ ብዝይዳ ከምዘሕምም ብዘይሕብእብእ እንተተዛረብኩ ግሉጽነት እዩ። ኣነ እዚ ውልቀ-ሰብ'ዚ እንታይ ዓይነት ቅርሕንቲ ምስ ኣባላት ሰልፊ ህዝቢ ከምዘሎዎ ንምርድኡ ከም ሓዲሽ ኣነ ኣብ ሰልፊ ህዝቢ ክርድኣኒ ፍጹም ኣይክእልን እዩ። ብስም ሓው ናሆማይ ዝጽዋዕ ንሓው ወልደሱስ ዓማር ኣብ ዕለት 2/6/2010 ብዛዕባ ፍልልይ ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራን ግንባር ሃገራዊ ድሕነትን ናይ ፕሮግራም

እዩ ሓቲቱ። እዚ ሕቶ እዚ ኣገዳሲ ሕቶ እዩ እቲ መልሲ ናቱ ከኣ ብዙሕ ነገር ከብርሃልና ምኽኣለ ነይሩ። ሓደ ካብ ድኽመታት እቲ ነጻን ወገን (ጎኒ) ከይወሰደ ናይ ጋዜጠኛታት ትካል ዘይምህላው ንቃልስና ብዙሕ ይሃስዮ ኣሎ። ከም'ቲ ግቡእ ነብሲ-ወከፍ ንለውጢ ጻረ-ምልኪ ይቃልስ ኣሎ'ኹ እትብል ውድብ ብደቂቕ ክትሕተትን ክትምርመርን ምስተገብኣ። ንኣብነት እቲ ሓቀኛ መፈናጨሊ ምኽንያት ናይ ተሓኤ ሰ.ባይቶ ንምውላድ ሃገራዊ ጉባኤ ዘኸተለ። እቲ ሓቀኛ ጉዕዞ ናይ ተሓኢ ሰ/ባይቶ ድሕሪ ምፍንጫል ምውላድ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን እንታይነት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ናይ ሓድነት ጉዕዞን ምውላድ ናይ ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራን ብሓደ ወገን። በቲ ሓደ ወገን ከኣ ሃገራዊ ጉባኤ ዘካየዶ ናይ ሓድነት ጉዕዞ (ኣብ 3+2) ዘጋጠመ ናይ ምፍንጫል ተረኽቦታትን ሓቀኛ ምኽንያቱን። ብተወሳኺ ሕጂ ኣባላትን መሪሕነትን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኣብ ልዕሊ እዚ ሓድነት ናይ ኣራባዕተ ውድባት (ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ) ኣረእዮኦም ብቕንዕና እንተዝምርመር ንዓይ

ይኹን ንቡዙሓት ከም ናሆማይ (Nahomay) ዝኣመሰሉ ንሓድነት ናይ ውድባት ዓቢ ህርፋን ዘሎዎም ደቂ-ሃገር ብዝሕ ከበርሃልና መኽኣለ። እወ ነጻ ጋዜጣ እንተዝህሉ ናይ ሓድሽ ዓመት መጥቃዕቲ ንስለ ፕረሲደንት ዘረባ ድዩስ ወይስ ንስለ ጽንብል ምውላድ ሰ.ደ.ህ.ኤ ንምድብዛዝ ምስተነጸረ። ኣነ ግን ሓንቲ ነገር ይፈልጥ፡ ተሞክሮይ ምስ ሰልፊ ህዝቢ ኣባላት ናይ ተሓኤ/ሰ-ባይቶ ዝነበሩ ኣብ ልዕሊ ግንባር ድሕነት ሕማቕ ከዛረቡን ከጸልሙን ኣየጋጠመንን። ኮይኑ ግን ኣብዚ ናይ ፓልቶክ ገዛ ግን ናተይ ተሞክሮ እቲ ብዝያዳ ምስ ዘሎኹዎ ሰልፊ ዝመሳሰል ፖለቲካዊ ኣረኣእያ ዘለዎ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት እንከንሱ ብዙሓት ኣባላት ግንባር ድሕነት ኣብ ጸለመ ኣንጻር ሰልፊ ህዝቢ ይኹን ሕጂ ሓድሽ ሰልፊ ክምድሩ ክትሰምዕ ከሎኻ ብጣዕሚ ትሓዝን። እዚ ኸኣ ብወገን ሰልፊ ህዝቢ ይኹን ሓድሽ ሰልፊ ከይተንከፎም ከሎ ዝካየድ ወፈራ እዩ። እንተድኣ ምስ ናይ ቀደም ኣባላት ተሓኤ ሰ/ባይቶ ዘይወጸሎም ቅርሕንቲ ኣሎዎም ኮይኑ ሰልፊ ህዝቢ ይኹን ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ እቲ ገዲፎሞ ዝኸዱ ተሓኤ ሰ/ባይቶ ከምዘይኮነ ከም ኣባል ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ኮይነ ክንቃለስ ካብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ዕንክሊል ኣውጽኡና ኢለ ብትሕትን እሓትት። እስኻትኩም እውን ዘይትስሕትዎ እቲ ብቀዳምነት ንሓድነት ዝተሓተተ ሃገራዊ ጉባኤ/ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ምንባሩ ኣይትዝንግዑን ትኾኑ። ሕጂ'ውን እንተኾነ ብሓባር ኣብ ሓድነት ክንሰርሕ ኣነ ከም ኣባል ይኹን ኣባላት ናይ'ዚ ሓድሽ ሰልፊ ዝነጽጉዎ ጉዳይ ኣይኮነን። እቲ ዘየድለ ግን ብመጋረጃ ኣመሓደርቲ ናይ'ቲ ገዛ ኮንካ ኣብይ ኣላ ንእሽቶይ ጉድለት ናይ እዚ ሰልፊ ኢልካ ነቲ ሰልፊ ክትውንጅል ካብ ምውዓል ግን ይኣክል፡ ይኣክል ምልኪ ንምልጋስ ክንቃለስ ኣቃልሱና እብል።

ሓው በርበረ-15 ብዛዕባ ኣኼባ ብሩስሉስ ተጠቒሙ ወግሐ ጸብሐ ኣብ ልዕሊ ሰልፊ ህዝቢ ብዙሕ እዩ ተዛሪቡ። ቀጺሉ ከኣ ሕጂ ኸኣ ኣብ ናይ ኪዳን ቻርተር ነቲ ቻርተር ከምድላዩ እንዳተርጎመ ኣንጻር ሰልፊ ህዝቢ ይኹን ኣንጻር እዚ ሓድሽ ሰልፊ ነቲ ዘተሰማምዑሉ ኣይምእከሉን እዮም። ስለዚ፡ ደድሕሪ ዝተጋገየ ኣይንስዓብ ንሕና ኢና እቲ ነቲ ቻርተር ኣኽቢርና ንኸይድ ዘሎና ንዕኦም ገዲፍኩም ምሳና ስርሑ እዩ እቲ ንነዊሕ ግዜ ዝሰርሓሉ ዘሎ ስትራተጂን ዕላማን። እስኪ ካብ እዚ ሓው በርበረ_15 ኣብ ወርሒ ጥሪ ዝበሎ ከም ኣብነት ክጠቅስ።

*ክቡራት ኣሕዋት፡*
*እቲ ክንርእዮ ዘሎና ዝተሰማማዕካሉ፡ብሓባር ኮንካ ኣብ ሓንቲ ጽላል ኮንካ ክትሰርሕ ተማእኪልካ ዘይምኻድ እንታይ እዩ? ኣብ'ዚ ኣተኩርና እንተተዛረብና እዚ መረዳድኢ ነጥቢ ክኾነና ይኽእል እዩ። እዚ ከም'ዚ ስምምዕ እንተድኣ ሃልዩ እንታይ ድኣ በበይኖም ኣሰራርሓ ይኸዱ ዘሎው ንዝብል ሕቶ ኣብኡ ኢና ኣልዒልና ክንዘራረብ ዝግበኣና። እሱ ኸኣ ከረዳድኣና ይኽእል እዩ እቲ ፍልልያትና ከኣ ከጻብቦ ይኽእል እዩ። ንሕና ንቅኑዕ ቅኑዕ ክንብል ንግጉይ ከኣ ግጉይ ክንብል ናይ ግድን ናትና ድሌት እዩ። ከመየ ዝብሉዎ ኣቦታትና ደድሕሪ “መራሒኦም ሓንካስ ዳሕረዋዮም ረምሳስ” ዝበሃል ንሕና ደድሕሪ ግጉይ ክንከይድ እንተድኣኾይና ዓገብ ክንብል እንተዘይከኣልና ጸገም ክህሉወና እዩ። ክቡራት ኣሕዋት፡ እዚ እንተኾነ እዚ ዘረባ እዚ ነዊሕ ግዜ ኣብ ዝተፈላለየ ብዙሕ ኣዋርሓት እዩ ወሲዱ። እወ፡ እዚ ሰልፍታት ኢልካ ካብ ዝጀመር ጨሪሽካ ነዊሕ እንታይ እሸሙ ስለዝወሰደ ብዙሕ ከኣ ስለዝተኻታዕናሉ ግዜ መባኸኒ እዩ። ነዚ ግዜና ዝበልዓልና ዘሎ ኣብ ቦትኡን ኣብ መዓርፍኡን ከነብጽሖ እንተድኣ ኮይና ግን ናትና መርገጽ እዚ ዝውሰድ ዘሎ ኣገባብ ጌጋ እዩ ክንብል ክንክእል ኣሎና። ናትና ተራ ኸኣዩ። ስለዚ ስለምንታይ ተሰማሚዖም ኣብ'ቲ ናይ ኪዳን ብኹሉ ኣገባብ ክበሃል ስለምንታይ ከኣ ብብረት ወይ ብጎንጺ ዝኣምኑ ከኣኒ ስለምንታይ ብዋግኦም ምሽቃጥ? ስለምንታይ እቲኦም'ከ ብዋጋ እቲኦም ምሽቃጥ እንዳተኸባበርካ ዘይከየድ። እሱ ኢና ክንብል ዘሎና። ስለዚ ንሕና ሃገርና ከነድሕን እንተድኣ ኾይና ክቡራት ኣሕዋት ኣሓት ንዝተጋገየ ግጉያት ኣሎኹም ኢልና ዓገብ ክንብል ክንክእል ኣሎና። ይብል ሓው በርበረ_15*

ክቡራት ደቂ-ሃገር፡
ካብ'ዚ ሓውና በርበረ ዝበሎ ገለ ነጥብታት ክጠቅስ ተዓገሱኒ። ኩላትና ክንምልሶ ዘሎና ሓደ ጉዳይ ኣሎ። ኣብ ኪዳን ዘጽልላ ውድባት ናይ ቃልሲ ኣገባብ ናይ ስምምዕ ነጥቢ ድዩ ወይስ ናይ ፍልልይ ነጥቢ ዝብል ሕቶ ኣገዳሲ ሕቶ ይኸውን። ብናተይ ተርድኦ ናይ ፍልልይ ዘየሰማምዕ ነጥቢ ስለዝኾነ፡ ኪዳን ንኩለን ውድባት ብድላየን (ብኹሉ ኣገባብ) ክጥቀማ ናተን መሰልን ነጻነትን ከምምኺኑ ነቲ ናይ ፍልልይ ነጥቢ ከምዝወገኖ እየ ዝፈልጥ። እዚ ነጥቢ'ዚ እንተኾነ ሓው ተወልደ ገ/ስላሰ ኣቦ መንበር ኪዳን ኣብ ከተማ እንድያናፖሊስ ኣብ ዘካየዶ ኣኼባ ኪዳን ናይ ኩሉ ኣገባብ ዝጥቀማ ውድባት ዝሓቖፈ ጽላል ስለዝኾነ እቶም ብሓይሊ ብረት ዝብሉ ብዝደልይዎ እቶም ብሰላም ዝብሉ ኸኣ ብዝደልይዎ

ክቃለሱ እቲ ቻርተር ናይ ኪዳንን እቲ መንፈስ ስምምዕን ከምዝኾነ ኣብርሂዎ። እዚ ማለት ብንጹር ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ በቲ ሰልፉ ዝኣምነሉ ኣገባብ (ሰላማውን ደሞክራስያውን) ክቃለስ እቲ ብሓይሊ ብረት እዩ ዘዋጽእ ዝብል ከኣ በቲ ዝኣምነሉ ሓይሊ ብረት ክቃለስ እቲ ቻርተር ከምዘፍቅድ እዩ። እቲ ሓው በርበረ_15 ዝጥቀመሉ ዘሎ ነታ ቃል "ብኹሉ ኣገባብ" እትብል ቃል ብንጽላ (out of context) ብምትርጓም ነቲ ኩሉ ኣገባብ ቃልሲ ዝተሰማምዕሉ ነቶም ዝጠለሙ ከምዝተጋገዩ ተጋጊኹም ኣባህሉኒ፡ ደድሕሪኡም ከኣ ኣይንስዓብ እዩ ዝብል ዘሎ ንሰማዕቲ። እቲ ብወገነይ ዝፈልጦን ብሓው ተወልደ ዝተነጸረን ኣብ ኪዳን ዘሎዋ ውድባት ሓደ ዓይነት ናይ መቃለሲ ኣገባብ ሰለዘየጥረያ ብኹሉ ኣገባብ በብእቲ ዝኣምናሉ ይጠቐማ ኢሉ ኪዳን ነቲ ናይ ፍልልይ ነጥቢ ኣልይዎ። ካብ'ዚ መንፈስ እዚ ወጻኢ ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ንዝተሰማማዓሉ ናይ ቃልሲ ኣገባብ ምምእካል ኣብዩ ንኪዳን ጸገም ኮይንዎ ዝብል ዕለታዊ መዛረቢ ናይ'ቲ ገዛ እዩ። ናይ ብሓቂ መራሕቲ ኪዳን ብዛዕባ ሓድነት ኪዳን ዘገድሶም እንተዝነብር ነዞም ብጌጋ ዘይመልክዑን ኪዳን ኣብ ክልተ ክምቀል ኣሎዎ ኢሎም ዝደፋፍኡ ኣባላት መሪሕነት መኣረምታ ክህብ ምስተግብኣ።

እዚ ናይ ቃልሲ ኣገባብ ናይ ፍልልይ ነጥቢ ካብ ኮነ፡ እቶም ብሓይሊ ብረት እዩ ፍታሕ ዝኸውን ኢሎም ነቲ ሰላማውን ደሞክራስያውን ኣገባብ ክነቕፉ እቶም ሰላማውን ደሞክራስያውን ኣገባብ ዝጥቀማ ውድባት ከኣ ጎነጻዊ ፍታሕ ካብ ጠቕሙ ክሳርኡ ይበዝሕ ኢለን በብመርገጸን ኣብ ህዝባዊ መጋባእያ ወጺኣን ብምክብባር ክነቓቐፉ ባህርያውን ተደላይን መስርሕን እዩ። ዝከኣል እንተኾይኑ ኣብ ሓደ ኣገባብ ቃልሲ ክንክተል ክንተዓጋገብ ዝሓሸ ምርጫ ይኸውን። እንተዘይኮይኑ ግን በቲ እንኣምናሉ ኣብ ህዝብና ብምውጻእ ብግሉጽ ኣገባብ ኣየናይ ስትራትጂ ከምዝሓይሽ ህዝብና እውን ርእይቶኡ ክህበሉን ንዝሓሸ ክድግፍን ንዘየዋጽእ ከኣ ክቃውምን ነጻ ክንገድፎ ይግባእ። እንተዘይኮይኑ፡ ኣብ ኪዳን ዘይተሰማማዕናሉ ኩሉ ኣገባብ ሓይሊ ብረት ደግፉን ተጠቒሙን ኢሉ ዝግድደና ስምምዕ ከምዘየለን፡ በዓል በርበረ ተረድኦኹም ከተማዓራርዩን ነቲ ስምምዕ ኪዳን ብግጉይ መንገዲ ንህዝቢ ሓበሬታ ካብ ምሃብን ካብ ምሽቃጥን ክትቁጠቡ ብትሕትና እላበወኩም። ብዛዕባ ኪዳን ከመይ ከምዝሕይል ክንዛተ ክንዛረብ ኣገዳስን ሃናጽን ምኾነ። ኣነ ኣብ ሓው ኣሕመድ ናስር ኣብ ፓልቶክ መደረን ሕቶን መልስን ብዛዕባ ኣገባብ ቃልስን ናይ ነፍሲ-ወከፍ ውድባ ብረታዊ ሓይሊ ምህላው ከስዕቦ ዝኽእል ጸገመን ሚእቲ ካብ ሚእቲ እየ ዝሰማማዓሉ። እቲ ዝተባህለን እቲ ዝተግብረ ኣብ ዕለት ሓደ ስለዝፈላለ ሕጂ ግን ካብ'ቲ ዝበሎ ንድሕሪት ተመሊስና ንርከብ። ብኣገላልጻ ሓውና ኣሕመድ እቲ ሓይሊ ብረት ንምክልኻል እንጥቀመሉ ከምዝበለ ኣይከሓድን ይኸውን። እሱ እንተኾይኑ ኣብ ምስ ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ እውን ዝፈላሊ ጉዳይ ከምዘየለ ኣብ ኣጸዋውዓ ጥራሕ ከም ዝፈላለ እየ ኣብ'ቲ ኣኼባ ተርድኤ ወጺኣ። ሕጂ'ግን ብተግባር ፍልልይ ኣብ ኣጸዋውዕዑ ጥራሕ ዘይኮነ ካብ ምክልኻል ናብ ምጥቃዕ ኣብ ዝሰጎመሉ ፍልልይ ከምዘሎ እቲ ግብራዊ ሸነኽ ክንጸረለይ ክኢሉ ኣሎ። ኣብ ኪዳን ሓደ ናይ ቃልሲ ኣገባብ ክጥረ ዝድለ እንተኾይኑን ናይ ጽባሕ ዋሕስ እውን ክኸውን እውን ሓደ ናይ ተቓውሞ ሰራዊት (ጎኒ ዘይሕዝ) ኣብ ምጥቃዕ ዘይኮነ ኣብ ነፍስኻ ምክልኻል ዘድሃበ ሓርነታዊ ሰራዊት ምህላው እቲ እንኮ ኣማራጺ ገይረ ብሸነኸይ ይርኢ። እንተዘይኮይኑ፡ ከም'ቲ ሓው ኣሕመድ ናስር ዝበሎ፡ ህግደፍ ኣብ ዘልግሰሉ ሰዓት ገሊኡ ብባጽዕ ክኣቱ፡ ገሊኡ ብዛላምበሳ፡ ገሊኡ ብሱዳን ኣብ ዝረኽበሉ ነንሕድሒደኻ ጥፍኣት እዩ ዝኸውን ዝበሎ ንከይከውን ብዛዕባ እዚ ኣልዒልና እንተንዛረብ ኪዳን ክሕይልን ህዝብና ዋሕስ ክኸውንን መንስእሰያትና ነቲ ቃልሲ ክሳተፍዎ እውን ምኸኣለ። ኣይኮነን ግን ናይ ብሄርን ናይ ሃገርን ሰራዊት ብሓደ ክጸናበር ኣይከኣልን እንዳተባህለ ኪዳን ክሕይል ኢልካ ምጽባይ ናይ ሓባር ድልድል ክስራሕ ኢልካ ምሕሳብ ነፍሰ-ምጥባር ከይከውን ብወገነይ ይስከፍ። ኪዳን ክሕይል ዘራኽቦ ኣረኣእያ ክረጉድ ክኽእል ኣሎዎ።

**<u>መደምደምታ፡</u>**

ክቡራት ኣንበብቲ፡ ብፍላይ ኣብ ናይ ፓልቶክ መራኸቢ እትዋስኡ

ነዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ንነዊሕ ግዜያት ዝሰማዕኩሞ እቲ ንሓይሊ ደምበ-ተቓውሞ ዘሕምስ ተግባራትን ባህርያትን ኣብ ምልላይ ሓጊዝኩም ክኸውን ተስፋ እገብር። ንሕና (ኩላትና) ከም ኣካል ናይ ደምበ ተቓውሞ ምስ'ቲ ህዝብና ወርድዎ ዘሎ ኣደራዕ ህዝብና ከነናግፍ ብሓላፍነት ከም ሓይሊ ተቓውሞ ንሰርሕ ከምዘየሎና ዘብርህ ተርእዮ እዩ። ኮይኑ ግን፡ ካብ ወረደ ክግጠምን ክፍታሕን ዘለዎ ጉዳይ ስለዝኾነ እቲ ጸግም ምስትፈልጥ ብነፍሲ ወከፍና ፍታሕ ክነናድየሉን ነብስና ክንፍትሽን ክንእርምን ይሕግዘና። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዝተባህለ ነዊሕ ትንተና ዝግበኦ እኳ እንተነበረ እቲ መእሰሪ ዕላማ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ተቓውሞ (ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ) ንከይሕይል፡ **ዕላምኦም ብስም ከም ህግደፍ ከይዓበዩን ከይጎብለሉን ከሎው ብዝተፈላለየ ሽርሕታት ነዳኽሞም ዝብል እኪይ ዝኾነ ዕላማ ህዝብና ነቶም ቀየስቱን ቀለስቱን ፈሊጡ ዓገብ ክብሎምን ሓይልና ኣብ ምልካዊ ስርዓት ኣብ ምልጋስን ፍትሒ ኣብ ምንጋስን ሓቢርና ብሓድነት ክንሰርሕ** ብክብሪ እላቦ።

**<u>መተሓሳሰቢ፡</u>**

ኣብ ወጋሓታ-ብርሃን ዝወጽእ ጽሑፍ ብሓላፍነት ዝሕተተሉ እቲ ጸሓፊኡ ከምዝኾነ ንኩሉ ብሩህ ክኸውን የተሓሳስብ። እዚ ማለት ከኣ ንምውዳስ ይኹን ንምንቃፍ እቲ ጸሓፊኡ ድኣምበር ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝምልከቶ ጉዳይ ከምዘይኮነ የዘኻኽር። ስለዝኾነ ናይ ነቐፌታ ይኹን ደጋፊ ርእይቶ በዚ ዝስዕብ ኢመይል ክስደድ ይከኣል። ኣብ ሃገር-ስደት እንዳተጠቐመጥካ ናይ ብርዒ ስም (ብርዒ-ስም) ተጠቒምካ ጽሑፍ ምስ ዝስደድ ከምዘይወጽእ እውን እሕብር።

wegahtabirhan@gmail,com

ኣዳላዊ ወጋሕታ ብርሃን - ጎይትኦም ኢማም (Paltalk Name - FithiNifto)